

መበል 36 ዓመት ቁ.69 ሓሙስ 19 ሕዳር 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ገጽ 3 ገጽ 5 ገጽ 10 ገጽ 11

ዜና

ቁጠባዊ ድሕረት ኣፍሪቃ
ብመንጽር ታሪኽ

ንመንእሰይ ዝልክዕ ዕያር ዝርግሐ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ሃገርና

ኵዕሶ መርበብ ከተማ ከረን
ተዛዚሙ

ሚኒስተር ተስፋይ ገብረስላሰ፡ ኣብ ዋዕላ ክሊማ

ሕቡራት ሃገራት መደረ ኣስሚዑ
ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ
ተስፋይ ገብረስላሰ፡ ካብ 9 ክሳብ 20 ሕዳር
ኣብ ከተማ ኣንታልያ - ቱርኪ ኣብ ዝቃናዕ
ዘሎ ኣህጉራዊ ዋዕላ ክሊማ ሕቡራት
ሃገራት መደረ ኣስሚዑ።

ትማሊ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ እቲ ዋዕላ
ኣብ ኣዝዩ ወሳኒ ኣህጉራዊ ክሊማዊ ህሞት
ይካየድ ከምዘሎ ዝሓበረ ሚኒስተር ተስፋይ፡
ኣብ’ዚ ዝዛዘም ዘሎ ዓመት - ዓለማዊ

ሙቐትን ተርእዮ ‘ኤልኒኖ’ን ሳዕቤናቱን
ካብ ናይ ዝሓለፈ 11 ተኸታተልቲ
ዓመታት ከምዝልዕል፣ ንመሬት ናብ
ብቐሊሉ ዘይሓዊ ክሊማዊ ቅልውላው
ዝወስዳ ዘሎ ድማ ሓላፍነት ዝጐደሎ
ንጥፈታት ወዲ-ሰብ ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡
ህሉውን ዝሓለፈን ጌጋታት ዘይምእራም
ብታሪኽ ይቕረ ከምዘይበሃሎ ኣገንዚቡ።

ኤርትራ እትርከቦ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡

ስንብራት ክሊማዊ ለውጢ ብጉሉሕ
ዝርኣየሉ ምዃኑ፣ ብሰንኪ’ዚ ድማ ህይወት
ዓሰርተታት ሚልዮናት ሰባት ብኣሉታ
ተጸልዩ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኤርትራ ነዚ
ኩነታት’ዚ ንምግጣም ብዝወሰደቶ ተበግሶ፡
ህንጸት ልዕሊ 800 ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎ
ዲጋታትን ሓጽብታትን ዘጠቓልል ሰፊሕ
ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን
ከምእተሰላሰለ፣ ሰፊሕ መደባት ምግራብ
ከምእተኻየደ፣ ኣብ ገጠራት ብጸሓያዊ
ጸዓት ዝሰርሕ ፕሮጀክትታት ዝስተ ማይ
ከምእተዋደደ፣ ከምኡ’ውን ባሕራውን
መሬታውን ሕዛእትታት ንምስፋሕን
ንምስሳንን ዕቱብ ጻዕሪ ከምእተኻየደ ገሊጹ።

ሚኒስተር ተስፋይ ገብረስላሰ ኣብ
መወዳእታ፡ ኤርትራ - ክሊማዊ ለውጢ
ንምምካት ንዝተገብረ ውዕል ሕቡራት
ሃገራት ዘለዋ ጽኑዕ መብጽዓ ደጊሙ
ብምርግጋጽ፡ መሬትን ጸጋታታን ካብ
ዕንወት ንምድሓን፡ ኩሎም ኣካላት
ብመትከላት ናይ’ዚ ውዕል ብውህደት
ክሰርሑ ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ኣብ’ዚ ዋዕላ፡ መራሕቲ ዝርከብዎም
ወከልቲ ሃገራትን መንግስታትን፡
ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ማሕበራትን
ውድባትን፡ ከምኡ’ውን ተጣበቕቲ
ድሕነት ኣከባቢ ዝርከብዎም ኣሽሓት ሰባት
ይሳተፉ ኣለዉ።

ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ዕዉት መጥባሕቲ

ልቢ ህጻናት ይካየድ ኣሎ

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡
ዕዉት መጥባሕቲ ልቢ ህጻናት ይካየድ
ከምዘሎ፡ ሓላፊ ክፍሊ መጥባሕቲ ዶ/ር
ዮሴፍ ተወልደ ሓቢሩ።

እዚ ብምትሕብባር ኤርትራውያን
ሓካይምን ኣብ ኢጣልያ ዝመደበሩ
ጉጅለ ሓካይም ‘ሜድ ኣክሽን ባምቢኒ’ን
ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት፡ ነጸርታን ክፉት
መጥባሕትን ዘጠቓልል’ዩ።

ኣባላት ጉጅለ ሓካይም ‘ሜድ ኣክሽን
ባምቢኒ’፡ ክኢላታት ክፉት መጥባሕቲ
ልቢ ህጻናት ምዃኖም ዝጠቐሰ ዶ/ር
ዮሴፍ፡ ብስሩዕ ኣብ ዓመት ክልተ
ግዜ እናተመላለሱ፡ ኣገልግሎት ኣብ
ምሃብ ከምኡ’ውን ምስ ኤርትራውያን
ሞያውያን ተመኵሮን ቴክኖሎጂን ኣብ
ምልውዋጥ ውጽኢታዊ ኣበርክቶ ይገብሩ
ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

እዚ ምስ ወጻእተኛታት ክኢላታት
ብምትሕብባር ዝካየድ ዘሎ መደብ፡

ብቕዓት ኤርትራውያን ሞያውያን ክብ
ኣብ ምባል ኣበርክቶ ከምዘለዎ፡ ዶ/ር
ዮሴፍ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ጠርናፊ ጉጅለ ሓካይም ‘ሜድ ኣክሽን
ባምቢኒ’ ፕሮፈሰር ጂዮቫኒ ስታሊን ብወገኑ፡
ኣብ ዝሓለፈ 22 ዓመታት ናብ ኤርትራ
ብቐጻሊ እናተመላለሱ ዝሃብዎ ኣገልግሎት
ዕዉት ከምዝዀነ ብምሕባር፡ ንተገዳስነትን
መንፈስ ዓያይነትን ኤርትራውያን
ሞያውያን መጒሱ።
ኤርትራውያን ክኢላታት ኣብ ዝሃብዎ
ርእይቶ፡ መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ህጻናት፡
ብተፈጥሮ ዘጋጥም ክፍተት ኣብ ልቢ
ወይ’ውን ዘይንቡር ቅርጺ ልቢ ዝነበሮም
ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ዕዉት ስራሕ
ከምእተዓመ ኣረዲኦም።
ኣብ ዝሓለፈ 22 ዓመታት፡ ምስ
ወጻእተኛታት ሞያውያን ብምትሕብባር
ንኣስታት 2 ሽሕ ህጻናት መጥባሕቲ ልቢ
ከምእተኻየደ፡ ሰነዳት ሃገራዊ መወከሲ
ሆስፒታል ኦሮታ የነጽር።

ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ዓመታዊ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ውዳበ
ደቂኣንስትዮ ብምሕያሉ፡ ተጠቃምነተን
ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝምስገን
ለውጢ ከምዘምጽአ፡ ብ14 ሕዳር ኣብ
ዓሰብ ኣብ ዘቃነዖ ገምጋም ገሊጹ።

ሓለፍቲ ማሕበር ኣብ ንኡሳን
ዞባታት ኣብ ዘቕረብኦ ጸብጻባት፡ ውዳበ
ደቂኣንስትዮ ንምሕያል፡ ድሕነት ኣደን
ህጻንን ንምውሓስ፡ ተጠቃምነት መጸበዪ
ነፍሰ-ጾራት ንምዕባይ፡ ተሳታፍነት

ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርትን ጥዕናን
ንምዕዛዝ፡ ከምኡ’ውን ኣበርክቶአን ኣብ
ልምዓታዊ መደባት ንምድንፋዕ ዝካየድ
ዘሎ ጻዕሪ፡ ውጽኢቱ እናበረኸ ይመጽእ
ከምዘሎ ኣረዲአን።

ሓላፊት ናይ’ቲ ጨንፈር ወ/ሮ
ሳዕድያ ኢብራሂም ብወገና፡ ምስ
መሻርኽቲ ኣካላት ብምውህሃድ፡ ኣብ
ርሑቕ ከባቢታት ከይተረፈ - ሞያዊ
ስልጠናታት ብምውዳብ ዓቕምታት
ደቂኣንስትዮ ንምጉልባትን ጎዳእቲ
ልምድታት ንምውጋድን ኣድማዒ
ስራሕ ከምእተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ እዚ ምስ
ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምትሕብባር
ዝካየድ መደባት፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ
ከምዝድፋኣሉ ገሊጻ።

ወ/ሮ ሳዕድያ ኣስዒባ፡ ዓቕምታት ማሕበር
ንምሕያል ልዑል ኣድህቦ ተዋሂቡ
ክስራሓሉ፣ ደቂኣንስትዮ ድማ ተበጺሑ
ንዘሎ ደረጃ ብምዕቃብ ናይ ባህሪ ለውጢ

ንምምጻእ ብውጥንን ትግሃትን ክሰርሓ
ኣዘኻኺራ።
ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ
ኣብ ምሕያል ውዳበታት ደቂኣንስትዮ
ብሐፈሻ - መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ድማ
ብፍላይ ዘተኰረ ርክብ፡ ብ13 ሕዳር
ተኻዪዱ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ
ወ/ሮ ጅምዓ ራኪ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡
ምብራኽ ንቕሓትን ምሕያል ውዳበን
ደቂኣንስትዮ፡ ግቡኣተንን መሰላተንን
ንኽፈልጣ ወሳኒ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡
ማሕበራዊ ፈትሒ ዝሰፈኖ ሕብረተሰብ
ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጸዕሪ፡ ጉዳይ
ደቂኣንስትዮ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት
ከምዝዀነ ገሊጻ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ዓዲቐይሕ - ንመምህራን ስልጠና ተዋሂቡ
ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ
ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብ14ን 15ን ሕዳር
ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራ ዘተኰረ፡
ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተሰነየ
ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ምስ ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ
ዘላሊ ስልጠና፡ ካብ 22 ኣብያተ-
ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ ሓደስትን
ነባራትን መምህራን መባእታ’ዩ
ተዋሂቡ።

ኣወሃሃዲ ሱፐርቫይዘራት መምህር

ዛይድ መድሃኔ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡
ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ
ግብሪ ብምውዓል ብቑዓት ተመሃሮ
ንምፍራይ ጻዕሪታቶም ከሐይሉ
ተላብዩ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ዓዲ-
ቐይሕ መምህር በየነ ተስፋይ ብግደኡ፡
ጽቡቕ መሰረት ዝሓዘ ቈልዓ ብሉጽን
ተወዳዳርን ስለዝኸውን፡ መምህራን
ብስነ-ፍልጠት ዝተደገፈ ኣገባብ
ኣመሃህራ ክኽተሉ ኣገዳሲ ምዃኑ
ገሊጹ።

ዓሰብ - ዓውደ-ዘተ ያታዊ ትልሂታትን ደርፍታትን ተኻዪዱ
ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደ/ቀ/
ባሕሪ ዝወደቦ፡ ኣብ ያታዊ ትልሂታትን
ደርፍታትን ብሄረ ዓፋር ዘተኰረ ዓውደ-
ዘተ፡ ብ13 ሕዳር ኣብ ዓሰብ ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ሓለፍቲ መሻርኽቲ ኣካላትን
ምስ’ቲ ዛዕባ ቅርበትን ተገዳስነትን
ዘለዎም ኣካላትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-
ዘተ፡ ንድሕረ-ባይታ እናተወራረሱ
ዝመጹ ያታዊ ትልሂታትን ደርፍታትን፣

ዝካየዱሉ ኣጋጣሚታትን ምኽንያትን፣
ከምኡ’ውን ዘለዎም ኩነታትን
ኣጠቓቕማኦምን ዝምልከት ወረቓቕቲ
ቀሪቡን ተዘትዩሉን።

ያታዊ ትልሂታትን ደርፍታትን ብሄረ
ዓፋር፡ ንባህሊ፡ ታሪኽ፡ እምነት፡ ክብሪታት፡
ስርዓትን መነባብሮን ህዝቢ ዘንጸባርቑ፣
ብሙዚቃ፡ ሳዕስዒት፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስን
ባህላዊ መሳርሒታትን ተሰንዮም ዝቐርቡ

ባህላዊ መግለጺታት ኮይኖም፡ ዛጊት ኣብ
ሃገራዊ ፈስቲቫልን ካልእ መድረኻትን
17 ትልሂታትን ደርፍታትን ጥራይ
ይቐርቡ ከምዘለዉ በሪሁ።

እቶም ኣቕረብቲ ብተወሳኺ፡ ንያታዊ

ትልሂታትን ደርፍታትን ዘመናውነት
ንምልባስ ተባሂሉ ዝግበር ንመበቈላውነት
ዘህስስ ኣገባብ ተወጊዱ፡ መበቈላውነቶም
ዓቂቦም ንመድረኽ ብዝበቅዕን ዝያዳ

ዜና

ዘይትጥቀመሎም መድሃኒታት ብግቡእ ከም ዝውገዱ ግበር!

መልእኽቲ ብምኽንያት ዓለማዊ ቅነ ንቕሓት ተጻዋርነት

ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን

ኣብ ገዛኻ ዘሎ ዕለቱ ዘሕለፈ ወይ ዘይትጥቀመሉ መድሃኒት ብግቡእ ከም ዝውገድ ምግባር ጥዕናኻን ጥዕና ኣከባቢኻን ኣብ ምውሓስ ወሳኒ’ዩ። መድሃኒት ኣብ ዓይኒ ምድሪ ምእታው፣ ምቕባር፣ ምቅጻልን ምስ ዘቤታዊ ጐሓፍ ምጕሓፍን ብመሰረቱ ግጉይ እዩ። ምኽንያቱ ዓይኒ ማያትን ኣከባብን ስለ ዝብክል፣ ንተጻዋርነት ኣቃሊዑ ዓቕሚ ፈዋስነትን ኣድማዕነትን መድሃኒት ስለ ዘጓድልን። ከም ሳዕቤኑ ሕማማት ንኽትፍውሶም ዝኸበዱን ብዙሕ ሃልክን ወጻኢታትን ዝሓቱን ይኾኑ። ስለዚ ዝኾነ ይኹን ዘይትጥቀመሉ መድሃኒት ንኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ፋርማሲ ወይ ትካላት ጥዕና ብምውሳድ ከም ዝውገድ ግበር!

ሓበራዊ መልአኽቲ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሕርሻን ማይ፡ መሬትን ኣከባቢን

ሰሓብነት ብዝፈጥርን ንምምዕባሎም
ክስራሕ ብምልባው፡ ዘይተለለዩን ኣብ
ምጥፋእ ዘለዉን ፍሉያት ትልሂታት
መታን ተዓቂቦም ክቕጽሉ፡ ናይ
ዳህሳስን መጽናዕትን መደባት ክጽዕቕ

ኣዘኻኺሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን
ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ኣብ ዝሃበቶ

መዛዘሚ ቃል፡ ያታዊ ትልሂታትን
ደርፍታትን መስትያት መንነት ስለዝዀኑ፡
ንምምዕባሎም ብፍሉይ ኣተኵሮ ይስራሕ
ከምዘሎ ኣረጋጊጻ።

ኣቦ-መንበር ባይቶ ኣቶ ዓሊ ኑር ዓሊ

ድማ፡ እቲ ጉዳይ ንዝተወሰነ ኣካል
ጥራይ ስለዘይምልከት፡ ኩሉ ብሓላፍነት
ክሰርሓሉን ሓባራዊ መረዳእታ ዝፈጥሩ
መድረኻት ክቕጽሉን ተላብዩ።

ሰንዓፈ - ኣብ ትግባረ ኮም ዝሰረቱ ከባብያዊ ጽሬት ተዘትዩ

ኣብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ብጉድለት ጽሬት
ዝኽሰቱ ሕማማት ንምቁጽጻር፡ ብ16
ሕዳር ኣብ ትግባረ ኮም ዝሰረቱ
ከባብያዊ ጽሬት ተዘትዩ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣቶ
ኣሴር ኣልኣዛር ኣብ ዘሃቦ ሓበሬታ፡
ምትእትታው ኮማዊ ዓይኒ-ምድሪ
ኣብ ገጠራት ንበይኑ ኣኻሊ
ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ግቡእን
ወሑስን ተጠቃምነት ምእንቲ ክህሉ፡
ኣመሓደርቲ ከባብን ዝምልከቶም
ኣካላትን ግቡእ ምክትታል ክገብሩ
ጸዊዑ።

“ኣእዳው ብማይን ሳሙናን ምሕጻብ፡
እቲ ዝቐለለ ዋጋ እንኸፍለሉን ዝለዓለ

ጥዕናዊ ረብሓ እንረኽበሉን ሜላ’ዩ”
ዝበለ ኣቶ ኣሴር፡ ምርግጋጽ ከባብያዊ
ጽሬት ግዜን ልዑል ንቕሓትን
ዝሓትት’ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ምውሓስ
ጥዕና ሕብረተሰብ ዘለዎ ዓቢ ኣበርክቶ

ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተጠቃምነት
ዓይኒ-ምድሪ ክሰፍሕ ተማሕጺኑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ካብ 2008
ክሳብ 2019 ብዝተኻየደ ጎስጓሳት፡

118 ዓድታት ቀልቀል ኣብ ደገ ካብ
ምውጻእ ነጻ ከምዝኣወጃ ይፍለጥ።



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 3

ተስፊት ሓጐስ

ቁጠባዊ ድሕረት ኣፍሪቃ ብመንጽር ታሪኽ
ታሪኽ ግርምቢጥ ብዝኾነ ተርእዮታት
ዝተመልአ’ዩ። ንኣብነት ገሊኡ ህዝቢ
ክህብትም ገሊኡን ከኣ ክደኪ ዝውስን
እንታይ እዩ፧ መልሲ ናይዛ ሕቶ ኣብቲ
ነገራዊ ኣከባቢ ድዩ ዝምርኮስ፧ እቲ
ረቛሒታት ብመሰረቱ ምስ ባህሊ
ኣይተሓሓዝን ዶ፧ ኣብ ታሪኽ፡ ሃብትን
ሓይልን ድራማቲካዊ ብዝኾነ ኣገባብ
ካብ ሓደ ስልጣነ ናብ ካልእ ክሰጋገር
ቀጻሊ ዝርአ ስለምንታይ እዩ፧ ኣብ
ምምላስ ናይዘን ሕቶታት ክልተ ዘሰማምዓ
ነጥብታት ኣለዋ። ቀዳመይቲ፡ ኣድማሳዊ
ወይ ሓፈሻዊ ዝኾነ መግለጺ ክርከበለን
ከምዘይከኣል ንጹር ምዃኑ። ካልኣይቲ
ድማ ምስ ክልሰ-ሓሳባት ህላወ ጸጋታትን
ተክኖሎጅያዊ ዓቕምን ተዛሚዱ ዝወሃብ
ተራ መልስታት እኹል መግለጺታት
ዝህብ ዘይምዃኑ።
ህዉኽ መደምደታ ቅድሚ ምሃብ ንዝኾነ
ሰብ ግሉጽ ዝኾነሉ ነጥብታት’ውን ኣሎ።
ፈለማ ዝኾነ ሰብ ክግምቶ ዝኽእል እታ
መልሲ ሓንቲ ከምዘይኮነት ጥራይ ዘይኮነስ፡
ነቲ ዘሎ ናይ ጸጋታት ዘይምዕሩይነት
ኣብ ምስትኽኻል ዘገልግል ሓደ ኣገባብ
ዘይምህላው’ውን ዝድመሮ ምዃኑ።
ምንጪ ናይቲ ዘይምዕሩይነት ድማ ካብ
ሓደ ኩነት ናብ ካልእ ከምዝፍለ ብሩህ
ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ገሊኡ፡ ነቲ ኩነት
ዝፈጠረ ረቛሒታት ውሽጣዊ፡ ማሕበራዊ፡
ፖለቲካዊ ወይ ቁጠባዊ ልምድታት
ኮይኑ ይጸንሕ። ኣብ ካልእ፡ ድሕረት
ወይ ድኽነት ዝህሉ ዘቤታዊ ጸጋታት
ኣወሃሂድካ ክስራሕ ስለዘይተኻእለ ኮይኑ
ይርከብ። ካብዚ ዝተፈልየ መንቀሊ ዘለዎ
ድሕረትን ድኽነትን’ውን ኣሎ፣ ካብ
ዘይምዕሩይ ዝምድናታት ወይ ጽልዋታት
ዝብገስ ጽግዕተኛነት። በዚ ከኣ ድኻታት
ሃገራት፡ ዕትብተን በቲኸን ካብ ጽግዕተኛ
ናይተን ብኢንዱስትሪ ዝበልጸጋ ሃገራት
ሓራ ክኾና ኣይከኣልን’ዩ ዋላ ኣይበሃል
ኣጸጋሚ ኮይኑ ይርከብ።
ንሃገራት ምዕቡላት፡ ዘይማዕበላ ወይ
ትሑት ምዕባለ ዘለወን ኢልካ ዝግበር
ምደባ ምስ ክልሰ-ሓሳባዊ መረዳእታ፡ ብእኡ
ኣቢሉ ድማ ስነሓሳባዊ ትርጓመ ዝወሃቦ
ብምዃኑ፡ ዘይምምዕባል ትብል መግለጺ
ትርጉማ ንጹርነት ይጎድላ’ዩ። ኣብ ባይታ፡
እዛ ስያመ፡ ምስ ካልኦት ሃገራት ብምንጽጻር
ኣብ ለጠቕ ዝበለ ደረጃ ንዝርከባ ዝተወሰና
ጉጅለ ናይ ሃገራት’ያ ተመልክት። እቲ
ምንጽጻር ድማ ኣብ ዝተወሰነ እዋንን ንገለ
ጭቡጥ ግምታት ኣብ ግምት ዘእተወን’ዩ።
ብኽልሰ-ሓሳባዊ ኣረኣእያ፡ እዛ ስያመ
ንሓደ ዝተወሰነ ደረጃ ምዕባለ’ያ
ተመልክት። ብእኡ ኣቢላ ከኣ እታ ሃገር
ኣብ ዓለምለኻዊ ዝምድናታት ዘለዋ
ድሩት ረብሓታት ተመልክት። ብሓፈሻ፡
ዘይምምዕባል ከም ትሑት ተፈጥሮኣዊ
ጸጋ፡ ዘይምቹእ ክሊማ፡ ዘይማዕበለ
ኢንዱስትሪ፡ ልዑል ደረጃ መሃይምነት፡
ትሑት ኣፍራይነት፡ ሕጽረት ናይ
ክእለታት፡ ባህላዊ ዝኾነ ኣገባብ ማእቶትን
ድኹም ምሕደራን ምስ ዝኣመሰሉ
በዳህቲ ውሽጣውያን ጉዳያት ተዛሚዱ
ክግለጽ ይከኣል’ዩ።
ከም ትሑት ኣፍራይነት ናይ ጸጋሰብ፡
ዋሕዲ ክኢላዊ ዓቕሚሰብ፡ ዘይብቑዕ
ፍልጠት ኣብ ህልዊ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡
ትሑት ዝደረጃኡ ነገራውን ትካላውን
ትሕተ-ቅርጺ፡ ተመርኳስነት ኣብ ሰደድ
ጥረ-ነገራት ከምኡ’ውን ዘይምህላው
ውሁድ ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ዝበሉ
ማሕበረ-ቁጠባዊ መመልከቲታት’ውን ከም

ተወሰኽቲ ረቛሕቲ ይርኣዩ።
ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ናጽነት ካብ
ዝተጐናጸፋሉ ማለት ካብ መፈለምታ
1960ታት ጀሚረን ሸቶ ናይ ፖሊሲአን
ልምዓት ምዃኑ ዝኣወጃ’የን። ምዕባለ፡
ብዝተገልጸ ይገለጽ ብዘየገድስ ንኩነታት

ኣፍሪቃ ናይ ምንጽብራቕ መዳዩ ግን
ድሩት ኮይኑ ይርከብ። ኣፍሪቃ፡ ኣብ
ክንዲ ንፖለቲካዊ ምዕባለ ንፖለቲካዊ
ምቑንቋን ትቃለስ፡ ኣብ ክንዲ ቁጠባዊ
ዕብየት ድማ ቁጠባዊ ድስካለን ቅዛነትን
ዝረኣየላ ኣህጉር ኮይና ትርከብ። ኣብዘን
ዝሓለፋ ዕቝዳት ዝተራእየ ምምታእ ድማ
“ሕጽረት/ዋሕዲ ምዕባለ” ካብ ትብል
ስያመ ንላዕሊ ዝገልጾ ስያመ ከምዘየለ
ይጥቀስ።
ነዚ ኣብ ኣፍሪቃ ዝተራእየ ኩነታት፡
ስግንጢርነት ናይ ምንባር ዝብል
መግለጺ’ውን ይወሃቦ’ዩ። ኣፍሪቃ ፈለማ
ሰብ ዝሰፈራ ኣህጉር’ያ። ዝሰዓበ ኩነታታ፡
ብመንጽር ዘመኒ ምንባር ክርአ እንከሎ
ግና ናይ መጠረሽታ ተርታ ሒዛ ትርከብ።
በዚን ካልእን ምኽንያታት ዝተደረኸ
ዋሕዚ ናይ ዓያዪን ክኢላውን ዓቕሚ-
ሰባ ናብ ካልእ ክፋል ናይ ዓለም ድማ
ተኸሲቱ።
እዚ ኩነታት፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ብመንጽር
መምዘኒታት ናይ ዘይምምዕባል ክረኣያ
እንከለዋ ንመብዛሕትአን ትሑት-ምዕባለ
ዘለወን ሃገራት ኣብ ዝርከብኦ ምድብ
ክኣትዋ ዝደረኸ’ዩ። ዓመታዊ እቶተን
ብመንጽር እቶት ናይ ውልቀ-ሰብ ክርአ
እንከሎ ድማ ኣዝዩ ትሑት’ዩ። ብደረጃ
ዓለም ኣብ ዝወሃብ ደረጃታት ምዕባለ’ውን
መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ
ታሕተዋይ ደረጃ እየን ዝስርዓ። እዚ
ደረጃ ከኣ እቲ ንሓደ ዘመን መመላእታ
ኣብ ምድራኽ ዕብየት ወሳኒ ግደ ክህልዎ
ትጽቢት ዝተገብረሉ ዓለማዊ ንግዲ ይኹን
ዋሕዚ ናይ ወጻኢ ርእሰማል ኣብ ኣፍሪቃ
ከይተረፈ ቅልጡፍ ዕብየት ኣብ ዘርኣየሉ
ዘመን’ዩ። እዚ ማለት ልዕሊ’ዚ ሓቀኛን
ተዛማድን ኩነት፡ ዝያዳ ኣተሓሳሳብን
በዳህን ድማ እቲ ኣብ መንጎ ሃገራት
ኣፍሪቃን ዝማዕበላ ሃገራትን ዘሎ ቁጠባ

ፍልልይ ወይ ርሕቀት’ዩ። ምኽንያቱ፡
እዚ ርሕቀት ክንዲ ዝጸብብ መመሊሱ
እናዓበየ ይኸይድ ምህላዉ። እዚ ከኣ ኣብ
ዓለምለኻዊ ርእሰማላዊ ስርዓት ምዕሩይ
ምቕርሐ ረብሓታት ከምዘይከኣል ምስ
ዘመልክት ማርክሳዊ ክልሰ-ሓሳብ ዝቃዶ

ምዃኑ ይግለጽ።
ዓለምለኻዊ ርእሰማላዊ ስርዓት ድኻታት
ሃገራት ንምዝመዛን ድኽነትን ከምዝቃልዓ
ዝገበረ ስርዓት ምዃኑ’ዩ ዝግለጽ።
ዳርጋ ኩለን ድኻታት ሃገራት፡ ብሰንኪ
ታሪኻዊ ድሕረባይታአን ተኣዘዝቲ ናይዚ
ዓለምለኻዊ ስርዓት ክኾና ተቐሲበን እየን።
እቲ ዝምድናታት ክሳዕ ዘይተቐየረ ድማ
እዚ ኩነታት ክቕጽል ምዃኑ ይግለጽ።
ምስ ምጉልባት ቁጠባዊ ሓይሊ ቻይና
ኣብ ዓለምለኻዊ ስርዓተ-ቁጠባ ምንውናው
ይርአ’ኳ እንተሃለወ ሱር-በተኻዊ ለውጢ
ዘስዕብ ድዩ ዘየስዕብ ቅርጺ ዘይሓዘ
ምዃኑ ሊቃውንቲ ይዛረቡ። ነዚ ኣብ
ግምት ብምእታው ድማ ንዘይማዕበላ
ሃገራት ዝምችእን ንረብሓአን ዝኸውንን
ዓለምለኻዊ ስርዓተ-ቁጠባ ኣብ ሓጺር
እዋን ክህነጽ’ዩ ኢልካ ምጽባይ ዊንታዊ
ከም ምዃን ይርአ። ዓለምለኻዊ ስርዓተ-
ቁጠባ ገና ኣብ ቁጽጽር ምዕቡላት ሃገራት
ብምህላዉ ድማ ረብሓ ዘይማዕበላ ሃገራት
ዘሳሲ ኣይኮነን፣ እኳ ደኣ ንቑጠባአን
ዘዳኽምን ዘዕኑን ምዃኑ ይግለጽ።
ኣብ መንጎ ዝማዕበላን ዘይማዕበላን
ሃገራት ዝግበር ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ
ይኹን ንግዲ ድማ መስርሕ ዘይምዕሩይ
ልውውጥ ምዃኑ ይግለጽ። ዓለምለኻዊ
ዕዳጋታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምዕቡላት
ሃገራት ብምዃኑ ድማ ዋጋ ናይቲ
ዘይማዕበላ ሃገራት ዘፍርይኦ ጥረ-
ነገራት ከምዘንቆልቁል፡ ነቲ ጥረ-ነገራት
ብምጥቃም ብምዕቡላት ሃገራት ናይ ዝፈሪ
ኢንዱስትርያዊ ኣቕሓ ግና ከምዝውስኽ
እዩ ዝግበር። እዚ ከኣ ንሃገራት ኣፍሪቃ
ድርብ ወጽዓ ክኸውን እንከሎ ነተን
ዝማዕበላ ሃገራት ግና ድርብ ረብሓ
ዝፈጥር’ዩ።
ኣፍሪቃ፡ ከርሳ ዝተፈላለየ ማዕድናት

ዝሓቘፈ ምዃኑ ካብ ዝተፈልጠ እዋን ናይ
ወጻኢ ኩባንያታት ነቲ ጸጋ ንምጉሕጓሕን
ሃብቲ ንምኽዕባትን ዕዮ ኣብ ዝጀመራሉ
ድማ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃውያን ደቂ
ተባዕትዮ ኣብቲ ዕደና ክሰርሑ ዝተገብረ
ጸቕጢ ቀሊል ከምዘይኮነ ይፍለጥ።

በዚ መገዲ ከኣ ኣፍሪቃ ቀንዲ ምንጪ
ማዕድናት ንምዕራባዊ ዓለም ኮነት። ካብ
1925 ክሳዕ 1929 ኣብ ዝነበራ ሓሙሽተ
ዓመታት ጥራይ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ

ካብ ዝነበረ መሬት ኣፍሪቃ (ብጸዓዱ
ንዝመሓደር ዝነበረ መሬት ደቡብ

ኣፍሪቃ ዘጠቓልል) 56 ሚእታዊት
ወርቂ፡ 16.4 ሚእታዊት ማንጋኒዝ፡ 12
ሚእታዊት ፕላቲኑም ከምኡ’ውን ካልእ
ማዕድናት ገዛእቲ ካብ ዝነበረ ከርሲ
ኣፍሪቃ ተጋሒጡን ናብ ስግር-ባሕሪ
ተላኢኹን።
ብመንጽር ሕርሻዊ ምህርቲ ምስ
ዝርአ’ውን ወጻእተኛታት ክሰፍርዎ ምቹእ
ኣይኮነን ዝተባህለ ክፋል ናይ ኣፍሪቃ

ገንዘብ ናይ ዘምጽእ ኣዝርእቲ (ካሽ
ክሮፕ) ግራት እዩ ኮይኑ። ንኣብነት፡ 79
ሚእታዊት ካካው ካብ ጋና (ናይ ሕጂ)፡
78 ሚእታዊት ፉል ካብ ጋምቢያ፡ 61
ሚእታዊት ቅንፍር ካብ ዛንዚባር ናብ
ምዕራባዊ ዓለም ከምዝተላእኸ ይፍለጥ።
ልምዓት ብመንጽር እተን ሓንቲ ዘርኢ
ጥራይ ዘፍርያ ኣፍሪቃውያን ግዝኣታት
ክርአ እንከሎ ድማ ስግር-ባሕሪ ናይ
ዝርከብ ዕዳጋታት ኣፍረይቲ ምዃን
(ምልዋጥ) ማለት’ዩ።
ካብ 1886 ክሳዕ 1934 ንዝነበራ 48
ዓመታት ከም ኣብነት ምስ ንወስድ፡ ኣብ
ምፍራይ ኣልማዝ ብኹባንያታት ወጻኢ
ዝተገብረ ወፍሪ ክሳዕ 200 ሚልዮን
ፓውንድ እንግሊዝ ይበጽሕ። በቲ ወፍሪ
ካብ ዝተረኽበ መኽሰብ ድማ 80 ሚልዮን
ፖውንድ ንሰብ-ብርኪ ከም ብጽሒት
ዝተዋህበ’ዩ። እንተኾነ ካብቲ ብጽሒት፡
እቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንዝነበሩ ጸዓዱ
ዝተዋህበ እንተዘይኮይኑ፡ ብምሉኡ ስግር-
ባሕሪ ናብ ዘሎ ካዝና ምዕራባውያን እዩ
ሰጊሩ። ብሰንኪ’ቲ ዝነበረ ጽግዕተኛነትን
ሃብቲ ናይ ምስግጋር ልምድን ድማ ካብ
1920ታት ክሳዕ ምብቃዕ መግዛእቲ፡ ኣብ
ጋና ካብ ዕደና ማዕድናት ካብ ዝተረኽበ
መኽሰብ፡ ፍርቁ ናብ ስግር-ባሕሪ ብቐንዱ
ከኣ ናብ ብርጣንያ ከም ዝገዓዘ ይግለጽ።
እዚ መኽሰብ ናይ ኣፍሪቃ ሃብቲ’ዩ፣
እንተኾነ ኣብ ኣፍሪቃ ኮፍ ኣይበለን፣
ንምዕባለ ኣፍሪቃ’ውን ኣይሓገዘን።
ገዛእቲ ሓይልታት፡ ኣብ ግዝኣታተን
ዘስገደደኦ ስርዓተ-ግብርን ቀረጽን’ውን
ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ካልእ ቁጠባዊ

ሳዕቤን ዘኸተለ ተግባር’ዩ። ኣብቲ እዋን፡
ምንጪ መንግስታዊ እቶት (መኽሰብ)
ሰለስተ ምንባረን ይፍለጥ። ቀዳመይቲ፡
ንኹባንያታት ወጻኢ ግብሪ ምኽፋል።
እንተኾነ በዛ መገዲ ዝርከብ ዝነበረ
መጠን ገንዘብ እቲ ዝወሓደ ምንባሩ
ይፍለጥ። እቲ ምኽንያት ግና መኽሰብ
ናይተን ኩባንያታት ውሑድ ስለዝነበረ
ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ዝበዝሐ ካብቲ
መኽሰብ ግብሪ ከይከፈለ ባሕሪ ይሰግር
ብምንባሩ’ዩ። ካልኣይቲ ምንጪ፡ ብሰደድ
ካብ ዝለኣኽን ብእታው ካብ ዝመጽእን
ኣቑሑ ዝርከብ ግብሪ ነበረ። በዚ ኣገባብ
ዝርከብ ዝነበረ መጠን ገንዘብ ድማ
ማእከላይ ደረጃ ዝነበሮ’ዩ። ካብ ህዝቢ
ግብሪ ምእካብ፡ ከም ሳልሰይቲ ትርአ
ዝነበረት ምንጪ’ያ። እቲ ዘገርም ድማ
ምንጪ ናይቲ ዝበዝሐ መንግስታዊ እቶት፡
በዛ ሳልሰይቲ ኣገባብ ይርከብ ምንባሩ’ዩ።
ካልእ፡ ተወሳኺ ኣገራሚ ነጥቢ ድማ
ኣፍሪቃውያን ዝኸፍልዎ ግብሪ፡ እቲ
ዝበዝሐ ምንባሩ’ዩ። ብሰንኪ’ቲ ኣብ
1934 ዝተኸስተ ዓቢይ ቁጠባዊ ድስካለ
ናብራ ሓይሉሉ ኣብ ዝነበረ እዋን’ውን
እንተኾነ ኣፍሪቃውያን ናይ ዝኸፍልዎ
ግብሪ መጠን ምውሳኹ’ዩ። ብመንጽር
ዝስላዕ ባጀት ክርአ እንከሎ’ውን ሃሳዪ
ምንባሩ ምርዳእ ይከኣል። ንቐረብን
ምሕያልን ማሕበራዊ ኣገልግሎት
ኣፍሪቃውያን ዝስላዕ ባጀት ኣዝዩ ውሑድ
ምንባሩ ይፍለጥ። ድምር ውጽኢት
ናይዚ መግዛእታዊ ተግባራት ድማ ኣብ
ልምዓታዊ ጉዕዞ ኣፍሪቃ ስምብራቱ ቀሊል
ከምዘይኮነ ኣይዝንጋዕን። እዚ ማለት ግና
ኣፍሪቃውያን ነዚ ኩነት ከምዘይቅየርን
ተበግሶ ክውሰደሉ ከምዘይብሉን ገይርካ
ክርአ ኣይግባእን። ከምዚ ንዝኣመሰለ
መሰረታዊ ድሕረት ሰጊረን፡ ሎሚ
ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት ብምህላወን።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ
10፡15 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ
11፡45 ደርፊ
12፡00 ሃገራዊ መዝሙር
12፡02 መደብ

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡50 ዜና ስፖርት
12፡55 መደብ ቡያ

13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡45 ዕላል ጥበባት
14፡20 ሃብቲ ባሕሪ
14፡50 ካብ ዞባታት
15፡30 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ

17፡00 ዜና (ትግርኛ)
17፡15 ደርፊ

17፡30 ዜና (ዓረብ)
17፡45 መደብ ናትራን
20፡00 ዜና ትግረ
20፡15 ፊልም ገጽታ

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ፈንቅል

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 መደብ

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)
23፡00 እትመት

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ሓደጋ ወዝቢ፡ መዓስን ኣበይን የጋጥም “ፍቕርን ሕውነትን ስለ እንደሊ፡ ብዕርቅን ምሕረትን ዛዚምናዮ ኣለና” ስድራቤት መዋቲ
ስለዘይፍለጥ ከኣ፡ ኵሉ ግዜ ልዑል ጥንቃቐ
ይሓትት። ሓደጋ ዘኸትሎ ኣካላዊን ስነ-
ኣእምሮኣዊን ሃስያ ኣብ ርእሲ’ቲ ከቢድ
ምዃኑ፡ ሞት እንተደኣ ኣኸቲሉ፡ እቲ
ዝፍጠር ሓዘንን ዝኽትምናን ብእኡ
መንጽር ይዛይድ። እቲ ጉዳይ ብሰላም፡
ዕርቂን ምሕረትን እንተ ዘይደቂሱ ከኣ፡
ኣብ መንጎ ስድራቤታት መዋቲን ፈጻሚ
ሓደጋን ዘይተደልየ ጸገም ይፍጠር።
ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ንክብርታትና
ዘንጸባርቕ፡ ድንገት ኣብ ዘጋጥም ሞት
ዝግበር ኣገባብ ምሕረትን ዕርቅን ኣሎ።
ቀጺልና እምበኣር፡ ብሰናይ ድሌትን
ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ
ኣገባብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ
ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ነስዕበልኩም - ሰናይ
ንባብ፦
እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ኣስመራ
- ከባቢ ኣፍ-ደገ እንዳ ኮካ እዩ ብዕለት
21 ጥሪ 2026 ሰዓት 5፡30 ወጋሕታ
ኣጋጢሙ። መኪና ኣብ ምምራሕ ዝነበረ

ኣቶ ተስፋስላሴ ተኽለማርያም (ባሻይ)፡
ብብሽክለታ ንዝጉዓዝ ዝነበረ ኣቶ ተኸስተ
ገብረመድህን፡ ከይረኣዮ ብጎድኒ ብመኪና

ሃሪሙ ሓደጋ ኣውሪዱሉ። ኣቶ ተኸስተ
ገብረመድህን፡ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ’ኳ
እንተበጽሐ፡ ክሰርር ግን ኣይከኣለን -
ሽዑ’ዩ ዓሪፉ። ንጽባሒቱ ዕለት 22 ጥሪ
2026 ከኣ፡ ቤተሰቡ፡ መተዓብይቱን
መቓልስቱን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ
መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ -
ጸጸራት ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓመድ
ኣዳም ለቢሱ። ፈጻሚ ሓደጋ’ውን ብሳላ
ምሕረት ስድራቤት መዋቲ፡ ኣብ ሰሙኑ
ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከም ዝወጽእ

ኣቶ ተስፋስላሴ ተኽለማርያም
(ፈጻሚ ሓደጋ)

ወ/ሮ መርሃዊት ተኸስተ

ኣቶ ጸጋይ ዘካርያስ

ቀሺ መሓሪ ባርያጋብር

ኣቶ ሽሞንዲ ገብረመድህን

ኣቶ በርሀ ርእሶም

ቀሺ ተስፋማርያም ወልደንጉስ

ኣቶ ተኸስተ ገብረመድህን

(መዋቲ)

ወ/ሮ ተኽኣ ምሕረትኣብ

ተገይሩ፣ ብስሩዕ’ውን ሓዚኑን ኣብ ዓሱሩ
ውዒሉን።
ነዚ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡
ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ
ክልቲኦም ዝወጽአት ናይ ዕርቂ ሽማግለ
ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብ1
መጋቢት 2026፡ ኣብ መንጎ’ዞም ክልተ
ስድራቤታት ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነ-
ስርዓት ተፈጺሙ። ነቲ ዕርቂ ዝምልከት
ጽሑፍ’ውን ተነቢቡ።
ኣብ’ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ
ኣቶ ተስፋስላሴ ተኽለማርያም (ባሻይ)፡
ስድራቤቱን ቤተሰቡን ኣምሪሑ’ዩ ኣብ

ቅድሚ ስድራቤት ነፍ/ር ኣቶ ተኸስተ
ገብረመድህን ቀሪቡ። ነቲ ናይ ዕርቂ
መደብ ብጸሎት ዝኸፈትዎን ኣባት
ነፍሲ ስድራቤት መዋቲን ዝኾኑ
ቀሺ ተስፋማርያም ወልደንጉስ ድማ፡
ተቛጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ
ምምስጋን፡ ስድራቤት መዋቲ፡ ነቲ
ኣብ ምድሪ ኰነ ኣብ ሰማይ መለክዒ
ዘይብላ ምሕረትን ሕድገትን ምምራጾም፡
መርኣያ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ
ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምዃኑ
ብምግላጽ፡ ኣመስጊኖም።
ቀጺሉ ነቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቱ
ቃሉ ዘስምዐ ንመዋቲ ሓዉ ተጋ/ ሽሞንዲ
ገብረመድህን እዩ። ተጋ/ ሽሞንዲ፡ “ልክዕ’ዩ፡
ፈቃርን ለዋህን፡ ከምኡ’ውን ሓብሓብን
ጠርናፊ ደቁን ዝኾነ ሓውና ጠፊኡና
እዩ። ኩልና ስድራቤትን ቤተሰብን
ከኣ፡ መሪር ሓዘን ተሰሚዑና ኣሎ።
ይኹን’ምበር፡ ተኸስተ ሓወይ ክቕተል፡
ተስፋስላሴ ድማ ክቐትል ኣይወፈሩን፣
ፍቓድ ኣምላኽ ክስገር ስለዘይክእል’ዩ
ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንስኻትኩም ከኣ፡
ካብታ ሓወይ ብመኪና ዝተሃርመላን
ሕክምና ዝኸደላን ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ’ዛ
ዕለት’ዚኣ፡ ካባና ከይተፈለኹም ብግቡእ
ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹምና
ሕያውነትን ገጽን ደቢሱና’ዩ። ካብዚ
ዝገበርኩምዎ ዝዓቢ ደበስን ምጕያይን
የለን። ገንዘብ ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን
ከምጽኣልካ ኣይክእልን’ዩ። ካብ ገንዘብ፡
ፍቕሪን ምሕረትን ይዓቢ። ስለዚ፡ ኣብ
ዕርቂ ፍቕሪ ስለ ዘሎ፣ ኣብ ዕርቂ ሩፍታ
ስለ ዘሎ፣ ኣብ ዕርቂ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ስለ
ዘሎ፣ ሓውና’ውን ብገንዘብ ስለ ዘይትመን፡
ምሕረትን ዕርቅን ጌርና ኣለና” ክብል
ተዛሪቡ።
ቀጺሉ ናይ ምሕረት ቃል ዘስመዐ፡
ንመዋቲ ወዲ ሓውቦኡ ተጋ/ በላይ
ኣርኣያ ኮይኑ፡ “ሓደጋ ወዝቢ’ዩ፡ የግዳ
ፍቓድ ኣምላኽ ክስገር ስለዘይክእል
ክቡር ሓውና ብሓደጋ ተፈልዩና። ሕጂ
ከኣ፡ ጋር ነፍሲ ሓውና ክንበልዕ ነብስና
ስለዘይገብረልና፡ ባህልናን እምነትናን’ውን

ስለ ዘይኮነ፡ ኵልና ስድራቤት ተላዚብና
ፍቕሪን ምሕረትን ክንገብር ወሲንና
ኣለና። ምኽንያቱ፡ ምሕረት ምግባር፡
ህዝብን መንግስትን ዝድግፎ ቅዱስ
ተግባር ስለ ዝኾነ፡” ድሕሪ ምባል፡
ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ፡ ድሕሪ ዕርቂ
እግሮም ከየሕጸሩ፡ ንደቂ መዋቲ፡ ደሃይ
ክገብሩሎምን ሕውነቶም ክቕጽልዎን
ተላብዩ።
ኣስዕብ ኣቢሉ ድማ፡ ካብ ቤተሰብ መዋቲ
ኣቶ ምሕረትኣብ ምራጭ’ዩ ተዛሪቡ።
ኣቶ ምሕረትኣብ፡ ንተኸስተን ተስፋስላሴን
ዘይትስገር መዓልቲ ከም ዘራኸበቶም
ጠቒሱ፡ “ሰብ ኰይኑ ዘይብድል የለን፣
ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር ድማ፡
መርኣያ ልቦናን ፍቕሪን’ዩ፣ ምኽንያቱ
ጽባሕ’ውን ንዓና እንታይ ከምዘጋጥመና
ስለ ዘይንፈልጥ። ስለዚ፡ ንዓና እቲ ዝዓበየ
ፍቕሪ ስለ ዝኾነ፡ ፍቕሪ ከነትርፍ ኢና
መሪጽና። እዚ ከኣ፡ ንኣምላኽን ንሰብን
ዘሐጕስ፣ መግለጺ ክቡር ባህልናን
ክብርታትናን ኮይኑ ናብ ዝቕጽል ወለዶ
ንኽሰጋገር ክንደፍኣሉ ይግበኣና” ብምባል፡
ሂወት ሰብ ክብርትን ዘይትትካእን
ስለ ዝኾነት፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ፡
መስተን ካልእ ንሓደጋ ዘቃልዑ ነገራትን
ኣወጊዶም፡ ኣብ ኣዘዋውራኦም ልዑል
ጥንቃቐ ክገብሩ፡ ተላብዩ።
ንመዋቲ ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ተኽኣ
ምሕረትኣብ ብወገነን፡ “ስድራቤት
ወዲኦምዎ’ዮም። ምሕረት መወዳድርቲ
ስለዘይብላ፡ ኣብ’ቲ ንሶም ዝበልዎ ዝውስኾ
ወይ ዘጉድሎ የብለይን። ልክዕ’ዩ፡ ፈቃርን
ሓላዪን ብዓል ቤተይ ተፈልዩኒ’ዩ፣ ምስ
ደቀይን ስድራቤተይን ቤተሰበይን መሪር
ሓዘን’ዩ ተሰሚዑና። እንተዀነ፡ ንብድሕሪ
ሕጂ ፍቕሪን ሓጐስን ስለዝደለኹ፡
ደቀይ’ውን ወፊሮም ክኣትዉለይ
ስለዝደሊ፡ ምስ ደቀይን ስድራቤተይን

ምሕረት ኣዚዝና ኣለና” ክብላ፡ ንመንፈስን
ሕልናን ሰማዒ ዘረስርስ ጥዑም ቃል
ተዛሪበን።
ንመዋቲ ደቁ ወ/ሮ መርሃዊት ተኸስተን
ወ/ሮ ሄለን ተኸስተን ብግደአን፡ ኣቦአን ኣቶ
ተኸስተ ገብረመድህን፡ ፍቕርን ሕውነትን፡
ከምኡ’ውን ተኻፊልካ ምንባርን ፍርሓት
ኣምላኽ ዝምህር ወላድን ምንባሩ ጠቒሰን፡
የግዳ ብዘይተሓስበ መዓልቲ ብኸምዚ
ኣገባብ ምፍላዩ መሪር ጓሂ ከም ዝተሰምዐን
ገሊጸን። እንተኾነ፡ ፍቓድ ጎይታ ክስገር
ስለዘይክእል፡ ንኹሉ ብጸጋ ተጻዊረን፡ ነቲ
ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ብዕርቅን ምሕረትን
ክዛዘም ከም ዝወሰና ሓቢረን።
ብስድራቤት መዋቲ እኹል ናይ
ምሕረት ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን
ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ’ዩ ናይ ምስጋና

ቃል ተሰሚዑ። ፈለማ በቲ ዝተፈጸመ
ስነ-ስርዓት ዕርቂ ዝተሰምዖም ሩፍታን
ባህታን ቃሎም ዘስምዑ ካብ ስድራቤት
ፈጻሚ ሓደጋ፡ ቀሺ ሰመረኣብ ተስፋጽዮን
እዮም። ቀሺ ሰመረኣብ፡ “ሰብ ብገንዘብ
ዘይኮነ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ
ዝትመን። ንስኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን
መኺርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ
ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጻማኹም ካብ
ኣምላኽ ርኸብዎ። ጌርኩምዎ ዘለኹም
ቅዱስ ተግባር ድማ፡ ንዘንትእለት መግለጺ
ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ
ንወለዶታት ክዝንቶ’ዩ” ኢሎም።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ መሓሪ
ባርያጋብር ኣስዒቦም፡ “ምሕረት ምግባር
ኣሽንኳይ ንፈጻሚ ገበን፡ ንሰማዒኡ
ከይተረፈ’ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር።
ኣምላኽና’ውን ‘መሓርቲ ምሕረት
ክረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም’
እናበለ፡ ንዝበደሉና ምሕረት ክንገብርን
ምስኦም ክንዕረቕን ስለዝእዝዘና፡ ፍቓድ
ኣምላኽ ብምፍጻምኩም ሕቡናት ኢና።
እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት ከኣ፡ ንእንዳቦ
ይኹን ንእንዳደ፡ ንሰማዒኡ ይኹን
ንረኣዪኡ ክሰዓብ ዘለዎ ጽቡቕ ኣብነት
ስለዝዀነ፡ ቅዱስ ምርጫ’ዩ። ንስድራቤት
መዋቲን ንስድራቤት ሓደጋ ፈጻሚን ከኣ
ጽንዓት ይሃበና” ክብሉ ገሊጾም።
ንፈጻሚ ሓደጋ ሓውቦኡ፡ ኣቶ በርሀ
ርእሶም ብወገኖም፡ “በቲ ዘይተሓስበ
ፍጻመ ኣዚና ኢና ጕሂና፣ ግን
ዘይምለስ ኰይኑና። ፈጣሪ ኣባኹም
ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት
ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡
ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ
ኣብ ዝተመላለስናሉ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን
ተጻዊርኩም ብጽቡቕ መልሓስን ጽቡቕ
ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ
ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። ነዚ፡ ሕውነት
ክንተኽለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን እምነ።
ከምቲ ‘ክቡር መጠን ነብሱ የኽብረካ’
ዝተባህለ፡ ‘ካባኹም እንደልዮ ነገር የለን፣
እቲ ንደልዮ ፍቕሪን ሰላምን’ዩ’ ኢልኩም፡
ነቲ ጕዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን
ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን
ጭዋ ባህልናን ስለዝዀነ፡ ወትሩ
እናተዘከርኩም ክትነብሩ ክገብረኩም’ዩ”
ክብሉ ቃሎም ኣስሚዖም።
ነቲ ዝተፈጸመ ሓደጋ ብሰላምን ዕርቅን
ንኽፍጸም ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ ካብ
ቤተሰብ ፈጻሚ ሓደጋ ዝኾነ ኣቶ ጸጋይ
ዘካርያስን፡ ከምኡ’ውን ቤተሰብ ፈጻሚ
ሓደጋ ኣቶ ተስፋ ቀሺ የማነን ብግደኦም፡
ብስድራቤት መዋቲ ተወሲዱ ዘሎ ናይ
ሕድገትን ምሕረትን ስጉምቲ፡ ንሃገርን
ንህዝብን ጽቡቕን ዘኹርዕን ኣብነት ስለ
ዝኾነ፡ ኵሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ረዚን

ኤርትራዊ ባህሊ ምዃኑ ብምግላጽ፡
ንዝተገብረሎም ሕድገትን ምሕረትን
ኣመስጊኖም።
ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ተጋ/ ጸጋ

ሃብተማርያም (ሽጉጥ)ን ተጋ/ ጸጋይ
በየነን ብግደኦም ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡
እዚ ብስድራቤት ነፍ/ር ኣቶ ተኸስተ
ገብረመድህን ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡
ንታሪኽናን ባህልናን ዘደንፍዕን ንሃገር
ምሉእ ኣብነታዊ ስጕምቲን ምዃኑ
ብምግላጽ ምስጋናኦም ኣቕሪቦም። እዚ

ከኣ፡ ምሕረትን ፍቕርን ካብ ኩሉ ነገር
ዝዓቢ ከም ዝኾነ ዘነጽርን ኩርዓትን
ሕልናዊ ቅሳነትን ዝፈጥርን ስለ ዝኾነ፡ ነዚ
ክቡር ባህልናን እምነትናን ክንዕቅቦን ናብ
ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን
ኣዘኻኺሮም።
ኣብ መወዳእታ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ
ተስፋስላሴ ተኽለማርያም፡ ስለቲ ካብ
ሂወቱ ዘይርስዖ ዝተገብረሉ ምሕረት’ዩ
ኣመስጊኑ። ንሱ፡ “ምስ ተኸስተ ዘጋጠመና
ሓደጋ፡ ካብ ሕልናይ ዘይሃስስ ከቢድ
ነገር’ዩ። የግዳ፡ ብዓልቲ ቤቱ፡ ደቁ፡ ቤተሰቡን
ካብ ጽቡቕን ፍሕሹውን ኣቀባብላኦም
ጀሚርካ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ከምዚ ገይሮም
ሕድገትን ምሕረትን ስለ ዝገበሩለይ፡
ንውዕለቶም መግለጺ የብሉን፣ ጻማኦም
ካብ ፈጣሪ ይርከብዎ፣ ኣብ ጽቡቖም ድማ
የውዕለኒ” ክብል ምስጋናኡ ኣስሚዑ።
እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ምስ ተፈጸመ፡
ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ከም መግለጺ
ፍቕሮምን ሕውነቶምን ንዝተዳለወ እኽለ
ማይ ብሓባር ምስ ተቛደሱ፡ ተመሳጊኖም
ተፈላልዮም።

ስድራቤት ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

ተራን ኣበርክቶን ነፍሲወከፍ ኣካል
ሕብረተሰብ፡ በቲ ዝነብረሉ ከባቢ፡
ባህሊ፡ ክብርታትን ክዉንነትን ክፈላለ
ይኽእል። ኣብ ገሊኡ ሕብረተሰባትን
ባህልታትን፡ ብዕድሜኡ ንመንእሰይ
ዘይበቕዐ ቘልዓ፡ ልዕሊ ዕድሜኡ
ሓላፍነት ተሰኪሙ ኣብ ስድራ ቤቱ
ዕዙዝ ኣበርክቶ ክገብር ይረአ። ኣብ
ገሊኡ ሕብረተሰባት’ውን ካብ ዕድመ
ንእስነት ዝወጹ ዓበይቲ፡ ሕልናኦም
ብቐጻሊ እናሓደሱ፡ ልዕሊ እቲ በጽሒ
ክጎዩን ከፍርዩን ምርኣይ ዘገርም
ኣይከውንን። ንኣብነት ኣብ ጎላጉል
መሬት ደንካልያ፡ በቲ ልሙድ
ኣገላልጻ ንዕድመ መንእሰይ ዘይበጽሐ
ቘልዓ፡ ካብ 30 – 40 ዝበጽሓ
ኣግማል፡ ጓስዩ ከይጠምያ መዋፈሪአን
መሪጹ፡ ከይጸምኣ መሳተይአን
ኣካዊኑ፡ ከይጠፍኣን ከይግዝዓን
ብኣተክሮ ሓልዩ፡ ሓላፍነት ተሰኪሙ
ዝከታተለን ወዲ 12 ወይ 13 ዓመት
ቘልዓ ኣብ ዘጋጠመና እዋን፡ ክሳብ
ክንደይ ኢና ንሞያኡን ኣበርክቶኡን
ነስተውዕለሉ! ዋጋ ናይ’ዘን ኣግማል
ብገንዘብ ምስ ዝትመን ድማ እዚ ኣብ
ደረጃ መንእሰይ ዘይበጽሐ ቘልዓ
ከባቢ ርብዒ ሚልዮን ዝትመን ትካል
የካይድ ኣሎ ማለት’ዩ። ብኣንጻር እዚ

ድማ ኣብ ማእከል ዝርከብ በጽሒ፡
ነዛ ከብዱ እኳ ምዃን ስኢኑ ተጸባዪ
ኮይኑ ከምባሁቕ ዝውዕል ዘየጋጥመና
ኣይከውንን።
እዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ቀሊል
ኣብነት እምበኣር፡ ንመንእሰይ
መንእሰይ ዘብሎ ዕድሜኡ
ዘይኮነ፡ ተራኡን ኣበርክቶኡን
ኣብ ሕብረተሰብ ምዃኑ ዘነጽር
እዩ። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ
ኣፈወርቂ፡ ብኣጋጣሚ 4ይ ሃገራዊ
ፈስቲቫል መንእሰያት ምስ መጽሔት
ተዓጠቕ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡
ንኣመለኻኽታኡ ብዛዕባ መንእሰይ
ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ “ካብ ናይ ዓመታት
ፍቕዲ ናይ ንጥፈታት ዓቐን እዩ

ንመንእሰይ መንእሰይ ዘብሎ።
ንመንእሰይ ብኸመይ ትምድቦ
እንተ ደኣ ኢልካኒ፡ ብንጥፈታትቱን
ኣብርክቶኡን ምለካዕክዎ” ክብል
ዝሃቦ መልሲ፡ ንመንእሰይ ዝልክዕ
ዕያር፡ ዕድመ ዘይኮነ፡ ኣበርክቶን
ኣፍራይነትን ምዃኑ ብግሉጽ
ኣቐሚጥዎ ኣሎ።
መድረኽን ክዉንነትን፡ ባህልን
ክብርታትን ንቦታ መንእሰይ ኣብ
ሕብረተሰብ ዝውስኑ ረቛሒታት
እዮም። ኤርትራውያን መንእሰያት፡
ኣብ እዋን ፖለቲካዊ ቃልሲ፡
ዘርኣይዎ ተበግሶ፡ ተባላሓትነት፡
ጽንዓትን ተወፋይነትን ዕድመ
መንእሰይ ስለዝረገጹ ጥራይ
ኣይነበረን። እንታይ ደኣ ነቲ ዝነበረ
ክዉንነትን መድረኽን ብግቡእ
ኣንቢቦም ስለ እተረድእዎን ልዕሊ
ዝኾነ ካልእ ኣካል ሕብረተሰብ፡
ንዕኣቶም ዝምልከት ምዃኑ ስለ
ዝኣመኑን እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ገሊኡ
ልዕሊ ዕድሜኡ ተጸሚሙ፡ ገሊኡ
ልዕሊ ዓቕሙ ጸኒዑ፡ ልዕሊ እቲ
ብልሒ ነቒሑ፡ ናጽነት ህያው ጌሩ።
መንእሰይ ማእገር ሃገር፡
መንእሰይ ላህመት ሕብረተሰብ፡

ሸባብ

ሃማመ ተኤ

ክዉንነት ብምዃኑ ዕድሜኦም
ሓይሎምን ጽዓቶምን፡ ህዝብን ሃገርን
ብሓበን እናዘከሮ ኣብ ዝነብር ዕዙዝ
ኣበርክቶ የውዕልዎ ኣለዉ። እንተኾነ
ካብ ብሱል ጥረ ከም ዝበሃል፡
ክንዲ ቁጽሪ ኣጻብዕቲ
ዘይኣኽሉ መንእሰያት፡
ብቤላቤለው ጸሓይ ኣብሪቖም
ዘዕርቡ፡ ምስ ሓይሎምን
ብቕዓቶምን ተጸበይቲ፡
ካብ ግዝያዊ ጸገማት
ገዝኦም ክኽውሉ ዝመርጹ
ጽግዕተኛታት መንእሰያት
ምህላዎም ክገርመና
ኣይግባእን። ምኽንያቱ
ካብ ምሩጽ ስርናይ ክርዳድ
ክርከብ ቅቡልን ባህርያውን
ስለዝኾነ። ስለዚ መርኣያና
እቶም ዕድመ ንእስነቶም ኣብ
እናተዋህለለን እናተደረዐን ዝኸይድ፡
ምኽዕባት ፍልጠት፡ ክእለትን ስራሕን
እተዋፈሩ ኣብነታውያን መንእሰያት
ክኾኑ ይግባእ።
መንእሰያት ነብሶም ከማዕብሉን
መጻኢኦም ከውሕሱን እወታዊ
ተበግሶ ክወስዱ ዝግብኦም ቅድም
ቀዳድም ባዕላቶም እዮም። እዚ
ይኹን’ምበር፡ ንህንጡይነቶምን
ተበግሶኦም ናብ ተጨባጢ
ኣፍራይነት ንምቕያር ምቹእ ባይታ
ክጣጥሓሎም ኣድላዩ እዩ።
መንግስቲ ብዓቢኡ ሃማመተኤን
መሻርኽቲ ኣካላትን ድማ ብዓቕሞም
ኣብ ህንጸት መንእሰያት ዝገብርዎ
ዘለዉ ወፍሪ፡ ናይ’ዚ ህያው ኣብነት
እዩ። ካብ’ዚ ብተወሳኺ መንእሰያት
ካብ ስድራ ቤት ጀሚርካ ኣብ
ኣብያተ ትምህርቶምን ኣብ
ቦታ ስርሖምን ዘድሊ ምትብባዕ፡
ምምዝዛንን ምእንፋትን ክፍለዮም
ከም ዘይብሉ ምዝኽኻር ኣገዳሲ’ዩ።
እዚ ምስ ዝግበር ድማ፡ ፍቕዲ
ዓመታት ዕድመ መንእሰይ፡ ናብ
ህጡር ኣበርክቶ ክቕየር ምዃኑ
ዘጠራጥር የለን።

ዝብሉ ኣምራትን ኣበሃህላታትን፡
ንዕድመ ከም መሰረታዊ ረቛሒ
ኣቐሚጦም ዝዝረቡ መግለጺታት
ኣይኮኑን። እንታይ ደኣ ሓይልን
ጽንዓትን መንእሰይ ኣብ ክሊ ዕድመ
30 ዓመት ይኹን 50 ዓመት፡
ንሕብረተሰብ መሓውሩ፡ ንሃገር
ድማ ማእገሩ ክኸውን ስለዝኽእል
እዩ። ሓይልን ጽንዓት መንእሰይ
ናብ ተጨባጢ ኣፍራይነት ዝልወጥ
ዕላማኻ ብምንጻርን ብስራሕ
ብምትርጓምን እዩ። ጽባሕ ዶክተር፡
ኢንጅነር ክኸውን ዝደሊ፡ ሎሚ
ኣብ ግዜ ንእስነቱ ጥራይ ዘይኮነ፡
ኣብ ግዜ ቁልዕነቱ’ውን ከይተረፈ፡
ኣብ መጽናዕቲ፡ ምርምርን ምንባብን
ክጽመድ ክኽእል ኣለዎ። ጽባሕ
ንፉዕ ሓረስታይ ክኸውን ዝብህግ፡
ምስ ጭቃን ሓመድን ምውዓል
ክጸልኦ ኣይግባእን። ኣብ ዕድመ
ቁልዕነትን ንእስነትን፡ ፍልጠት ክእለት
ተሞኩሮን ፍቕሪ ስራሕን ከማዕብል
ዘይከኣለ መንእሰይ፡ እንትርፎ ኣብ
መወዳእታኡ ብባዶ ዝረብሕ ፍቕዲ
ዓመታት ከሲበሉ ዝብሎ መድረኽ
የብሉን።
ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ሰብ
ውዕለት መድረኾም ዝፈጠሮ

ንመንእሰይ ዝልክዕ ዕያር

ጉስ ካብ ደርሆማይ ዕብይ ዝብላ
ዓይነት ኣዕዋፍ እየን። ኣብ ግዜ
ቀውዒ፡ ሓጋይ ናብ ዘለዎ ኣንፈት

ክበራ እንከለዋ፡ ቀስቲ (ርእሲ
ኲናት) ዝመስል መስርዕ ሒዘን
ይበራ። ስለምንታይ ከምኡ ኢለን
ይበራ፡ ሳይነስ ኣጽኒዑ መልሲ
ቀሪብልኩም ክህሉ ተስፋ ኣሎ።
ነፍሲወከፍ ዑፍ ጉስ ኣባል ሓደ
ዕስለ፡ ብቕዲ ቀስቲ ክትበርር
እንከላ፡ ነታ ድሕሪኣ እትስዕባ
ዑፍ ብውሑድ ጸዓት ንኽትበርር
ትሕግዛ። በዚ ቅርጺ’ዚ ምብራር፡
ንነፍሲወከፍ ዑፍ፡ ካብቲ በይና
እትበሮ ብ71 ሚእታዊት ናይ
ምብራር ዓቕማ የዕብዮ።

ሱራፌል ተ. ተምሳል ጉስ

ሓደ ኣንፈት ዝሓዙ፡ ብሓፋሽ
ዝሓስቡ ጥበብ ዘለዎም ሰባት፡ ናብቲ
ዝደለይዎ ብቐሊሉ ቀልጢፎም
ክበጽሑ ይኽእሉ። ምኽንያቱ
ጕዕዞኦም ኣብ ንሓድሕዶም
ብምትእምማን ስለ ዝኸድዎ።

ኣብ ቅርጺ ቀስቲ ኣትያ ክትበርር
ዝጸንሐት ጉስ፡ ካብቲ መስመር
ፍልይ ምስ እትብል፡ እቲ ንኽትበርር
ዝኽልክላ ተፈጥሮኣዊ ተጻራርነት
ይዛይድ፣ ቀልጢፋ ናብ መስርዓ
ክትምለስ ትግደድ።

ከም ናይ ጉስ ምስትውዓል
እንተ’ለና፡ ካብ መስመር እቶም
ናብ ኣንፈትና ዘጓዕዙና ሰባት

ኣይንፍንተትን።

ኣብ በሊሕ ጫፍ ናይቲ ቀስቲ
ኣብ ዘሎ ነጥቢ ቅድሚት እትበርር
መራሒት ዑፍ እንተ ደኺማ፡ እዘን
ኣዕዋፍ ንድሕሪት ሽብልል ኢለን
ይምለሳ። ነታ ዝደኸመት ተኪአን፡
ናብቲ ፈለማ ዝነበርኦ ኣንፈት ሒዘን
ጕዕዞአን ይቕጽላ።

ኣመና ወሳኒ ዕማም ኣብ ዝህልወና፡
ሽብልል ኢልና ብምምላስ ክንሕደስን
ብሓድሽ ሓይሊ ደጊምና ክንብገስን
ይከኣል’ዩ።

እተን ኣብ ድሕሪት ናይቲ ዕስለ
ዝርከባ ጉስ፡ እናነቀዋ ይጓዓዛ።
ብናቋአን፡ ነተን ቅድሚት ዝበራ

ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

ፍጥነተን ከየጕድላ የተባብዓ።

ንሕናኸ ብድሕሪት ኴንና ክንቅው
(ዓሽ ክንብል፡ ርእይቶና ክንህብ፡
ወይ ክንጭፍር) እንከለና እንታይ
መልእኽቲ ንምሃብ ኢና?

ኣብ መወዳእታን ኣገዳስን
ተምሳሌት እዘን ኣዕዋፍ ከኣ ንርአ፤
ኣብ ጕዕዞ እዘን ዕስለ፡ ሓንቲ ዑፍ
እንተ ሓሚማ ወይ ብዝዀነ ተሃሪማ
ካብአን ምስ ትተርፍ፡ ክልተ ካብዘን

ዛዕባ
ሸባብ

ዕስለ ምስኣ ይተርፋ። ዓቕማ መሊሳ
ክትበርር ክሳዕ እትጅምር ወይ
ክሳዕ እትመውት ምስኣ ይጸንሓ።
ሽዑ ናተን ጕዕዞ ይጅምራ፣ ካልእ
ዕስለ እንተ ረኸባ ኸኣ ተሓዊሰን
ንብጾተን የርክባ።

ከም ናይዘን ኣዕዋፍ ምስትውዓል
እንተ’ለና፡ ኣብ ጐድኒ ሓድሕድና
ደው ክንብል ኢና።

inspirationalstories.com

ሓዳስ ኤርትራ

ምልክታ ምልክታ

መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 6

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ

ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ

8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ.

ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲዃላ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲዃላ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ 0001196 ቁጽሪ መዝገብ ዝርከብ ናይ መግብን መስተን ሆቴልን ትካለይ፡ ንወሮ ራሄል መልኣከ ወ/ስላሴ፡ ኣድራሻ ዓዲዃላ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲዃላ ዓዲ/ከተማ ዓዲዃላ ብዕለት 21/01/2026 ስለዝሸጥኩላ፡ ብስም ሸያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ፡ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

መልኣከ ወልደስላሴ

ምልክታ ጨረታ

መ/ሓበሬታ ጐስጓስን ሚኒ/ምክልኻል፡ ንጋንታ ክለብ ደንደን ንዓመት 2027 ኣወዳዲሩ ክምግብ ስለዝደለየ፡ ዘድሊ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2026 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ 2025 ግብሪ መንግስቲ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ) የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ PX ካምፖፖሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ክወስዱ ይኽእሉ። ቁ.ተሌፎን 187616/209033
4. ምሉእ ሰነድ ብዕሹግ ደብዳበ ብምቕራብ፡ ጨረታ ዕለት 18/12/2026 ሰዓት 09፡ 30 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ PX ካምፖፖሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ብግልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ ይቐርብ።
6.ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ንብምሉእ ወይ ከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡

ሚኒ/ምክልኻል መ/ሓበሬታ ጓስጓስን
ቴሌ 08373084/209033

ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ጤለበጊዕ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጉፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ ጨው፡ ጸባ ከብቲ፡ መሰንከቲ ባኒ (ሕብስቲ) መጥሓኒ እኽሊ
ኣሃዱ፦ ጨንፈር ምኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ጨንፈር ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ንዓመተ 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከባ ሆስፒታላት ከምኡ’ውን ቤት ትምህርቲ ተሓጋጋዚት ነርሳት ባረንቱ፡ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ሆስፒታል ተሰነይ፡ ሆስፒታል ኣቑርደት፡ ሆስፒታል ጎልጅ ንሕሙማትን ተማሃሮን ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት (ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣርባዕተ ሆስፒታላት ንሕሙማት ዝውዕል መግቢ ቤት ትምህርቲ ተሓጋጋዚት ነርሳት ባረንቱ ንተመሃሮ

መግቢ)
1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስብሒ ዘይብሉ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጠለበጊዕ፡ እንቋቑሖ ናይ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ባኒ፡ ጉፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ ጨው፡ መጥሓኒ እኽሊ፡ መሰንከቲ ሕብስቲ፡ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ኣቶ ኢያሱ ሃብተ ብቑጽሪ ቴለ. 731339/07190264 ቤት ትምህርቲ ተሓጋጋዚት ነርሳት ባረንቱ ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓሙሳ ናቕፋ) ከፊሎም ቅብሊት ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ዝቐርበሉ ቦታ፡ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ፡ ንዕለት 27/11/2026 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ ይቐርብ። ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት 27/11/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ፣ ቦታ ኣብ ኣዳራሽ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ፡ ባኒ፡ ነፍሲ ወከፍ 20,000.00 ናቕፋ፣ ንእንቋቑሖ 20,000.00 ናቕፋ፣ ናይ ጉፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ ጨው ጸባ ከብትን ነፍሲ ወከፍ 20,000.00 ናቕፋ (ብሲፒኦ) ክትሓዝ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስቲን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ፡ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ ብናቱ መጐዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ 5 ትካላት ጥዕና የቕርብ።
10. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ - ባረንቱ፡ ቁ.ቴሌፎን 731210

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

በራኺ ተስፋይ በራኺ፡ ኣደይ ፋንታየ ስብሃቱ
የውሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ህልውቲ
ሓፍተይን 2 መወትቲ ተተካእቲ 5 ደቆምን ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49
ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ድባርዋ

ወይኒ ጎይትኦም፡ ብዓል ቤተይ ነጋሽ ገብረሂወት
ገብረማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ

ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ደቀምሓረ

ጸገ ደበሳይ ተስፉ፡ ወኪል ኣቶ ኣስመሮም
ቃልኣብ ተስፋእዝጊ፡ ሓፍተይ ጸሃይቱ ደበሳይ ተስፉ
ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይን ምስ
ናይ 5 መወቲ ኣሕዋተይን ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ሃይኮታ

ኣቶ መሓመድ ኢብራሂም ሸሪፍ ዓሊ ሓሰን፡

ኣቦይ ኢብራሂም ሸሪፍ ዓሊ ሓሰን፡ ኣደይ
መሪየም ኣደም ኢብራሂም መወትቲ ስለ
ዝኾኑ፣ ሰይቲ ኣቦይ ወ/ሮ ሓሊማ ኣልኣሚን
ናይ መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ከምኡ’ውን
ካብ መሪየም ኣደም ኢብራሂም ዝወለደትና
5 ኣሕዋት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤተ-ፍርዲ ባረንቱ

ኣምለሰት ስልጣን፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ

ብርሃነ ምሕጽንቱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ድቅና ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ከሰተ ገብረእግዚኣብሄር ወልደማርያም፡
ብዓልቲ ቤተይ ተናኛ፡ ከባቢ 15 ዓመት ናብ
መበቆል ዓዳ ኢትዮጵያ ምስ ከደት ደሃይ
ስለዘይብለይ፡ ጥፍእቲ ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 7

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

መበል 36 ዓመት ቁ.69

ምልክታ ጨረታ

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ፡ ንሓደ ዓመት (2027) ዘገልግሉ ስዒቦም ዝቐርቡ ዓይነታት
ማለት፡

1. ኣሕምልትን ፍረታትን
2. ስጋ
3. ደርሆን እንቋቝሖን
4. ፍርያት ውጽኢት ጸባ
5. ሓሸማ ውጽኢት ሓሸማ
6. ማሽሩም

ከቕርቡ ዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም

* ናይ 2026 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ መንነት ፎቶ ኮፒ።
* ናይ 2025 Clearance ካብ ዕዳ ነጻ ምዃኖም ዘረጋግጽ።
* ነፍሰ ወከፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 100,000 ናቕፋ ብ C.P.O የትሕዝ።
* ምልክታ ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት ቀዳም ወሲኹ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 3፡30 ድሕሪ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ቤት/ጽ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ይኽፈት።
* መግለጽን ቅጥዕን ዝቐርብ ዝርዝራት ካብ ቤት/ጽ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚርኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

ዙፋን ገብረትንሳኤ ወልደሚካኤል፡ ብዓል
ቤተይ ሓድጉ ገብረማርያም ገብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8
ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ዘርኣይ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ
ምስግና ነጋስ ሓጎስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ተኽኣ ጸጋይ ኪዳነ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም
ደበሳይ ተስፋጽዮን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽለ ገብረንጉስ ኪዳነ፡ ሓፍተይ
ኣኽብረት ገብረንጉስ ኪዳነ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ
2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትምኒት ኣስገዶም ንጉሰ፡ ወላዲየይ
ኣስገዶም ንጉሰ ጌሹ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3
ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
11 መጋባእያ ይቕረብ።

ምልእተ ወልዱ ገብረሳልሴ ምባል ተሪፉ፡
ምልእተ ወልደሩፋኤል ገብረስላሴ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49
ይቕረብ።

ኤፍሬም ተስፋሚካኤል ተወልደብርሃን፡ ኣቦይ
ነፍ/ሄር ተስፋሚካኤል ተወልደብርሃን ዝገደፈልና
ለበዋ ምስ 4 ኣሕዋተይን 2 ተተካእትን ክጸድቀልና
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፍረዝጊ ዑቕባሚካኤል ባህረ፡ ኣቦይ
ዑቕባሚካኤል ባህረን ኣደይ ብርኽቲ ጋይም
ነጋሽን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ
ቁ.38 ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግበ ደበሳይ ሃይለ፡ ብዓል ቤተይ ዕቑበ
መሓሪ ሃብተጼን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቅና ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ
ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ርሻን ሓድጉ ጉልበት፡ ብዓል ቤተይ
በረኸት ገብረልኡል ገብሪሄት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ
ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና
ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ክብራ ካሕሳይ ወልዱ፡ ሓፍተይ ሂማን ካሕሳይ
ወልዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ
ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ መብራህቱ ኣባይ፡ ብዓል ቤተይ
ኣብርሃም ገብረስላሴ ደሞዝ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ
ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ
ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብርሀት ኣብርሃ ተኽሉ፡ ኣቦይ ኣብርሃ ተኽሉ
ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን
4 ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ምዕራፍ የውሃንስ ትኩእ፡ ብዓል ቤተይ ዲያቆን
ኣብራሃም ባህታ ገብረክርስቶስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ
ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና
ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሉላ በርሀ ዓንደሚካኤል፡ ኣቦይ በርሀ
ዓንደሚካኤል ክንፈ ስለዝዓረፈ፡ ንኣደይ ናይ
መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ
ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ
መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ፍስሃ ሳሙኤል ታደሰ፡ ብዓልቲ ቤተይ ምሕረት
ገብረየሱስ ሰለባ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቃ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ
ቁ.38 ይቕረብ።

ሉልያ ገብራይ ተስፋሚካኤል፡ ስም ኣደይ
ታቦቱ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ትዕግስቲ ኣፍወርቂ
ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

መዲና የሱፍ ሸኽ ምባል ተሪፉ፡ መዲና
ዪሱፍ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ሓሊማ ስዒድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሕክማ
ስዒድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ባንቺነጋ ጌታቸው ብርሃነ፡ ኣደይ ግደይ
ገብረእየሱስ ጊላሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ
ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሄለን ብርሃነ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ
ቢንያም መንግስትኣብ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7
ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ገብረህይወት ገብረሚካኤል ደበሳይ፡ ሓፍተይ
ኣብርሀት ገብረሚካኤል ደበሳይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ
ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ለተብርሃን ወልደስላሴ ዓንደሚካኤል፡ ሓፍተይ
ኣቡን ወልደስላሴ ዓንደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡
ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ይስሓቅ ተኽለ ሃብተገርጊስ፡ ኣቦይ ተኽለ
ሃብተገርጊስ ዘርኡ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተኽኣ ሰለሙን ጎይትኦም፡ ብዓል ቤተይ
ሃይለ ከተማ ገብርሂወት ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተማ/ሳምኤል ተሸመ ኣሰፋው ምባል
ተሪፉ፡ ሙሉብርሃን ተሸመ ኣሰፋው ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ገብረመስቀል ተስፋጽዬን፡ ብዓል
ቤተይ ከሰተ ዛይድ ተላ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም መሓሪ ዘወልዲ፡ ተኸሳሲ
በረኸት መሓሪ ግርማይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ
ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ በላይነሽ ስዩም በይን፡ ብዓል ቤተይ
ኣፈወርቂ በራኺ እያኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ፌርዶስ ሱዑድ ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ፌርዶስ
መሓመድ ሱዑድ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለብርሃን ፍስሃ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ መሪሕ
ፍስሃ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ገደት ነታባይ ኑረዲን፡ ብዓል ቤተይ ኢዮብ
ሓምድ ንሱር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ሰማይነሽ ተኽለማርያም ተወልደ፡ ብዓል
ቤተይ ሽሞንዲ ይርጋ ኣብርሃ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ
ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና
ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡
ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 8

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲዃላ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲዃላ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ 00016550

ቁጽሪ መዝገብ 04 ዝርከብ ናይ ታክሲ (H70) ትካለይ፡ ንወሮ ኣርሴማ ኤርምያስ፡ ኣድራሻ
ደቀምሓረ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ዓዲ/ከተማ ደቀምሓረ ብዕለት 28/01/2026
ስለዝሸጥኩላ፡ ብስም ሸያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ፡ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡
እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ናጽነት ገብረሂወት

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር/ከባቢ ኣለቡ መስከረም A፡ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን GBL00006589 ናይ ፎርኖ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሄለን ዮሴፍ ገ/እግዚኣብሄር፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር ከባቢ ኣለቡ መስከረም ብዕለት 4/10/2026 ብቁ.መዝገብ 20/35/2026 ስለዝሸጥኩላ፡ ብስም ሸያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ፡ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ብስም ወ/ሮ ኬርያ ዓብደልዋሃብ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 7498 ቁጽሪ መዝገብ 6630 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ ድሉው ክዳውንቲ ትካለይ፡ ንኣቶ መሓሪ ሃብተሚካኤል፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ - ተሌፎን 07160449፣ ካብ ዕለት 01/11/2026 ክሳብ ዕለት 31/10/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ።

ኬርያ ዓብደልዋሃብ ጣህር

ብስም ወ/ሮ ዛህራ እድሪስ ካሕሳይ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 8388 ቁጽሪ መዝገብ 7338 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ ናውቲ ስፖርትን ሕትመትን ትካለይ፡ ንኣቶ ኢዮብ ግርማይ ወ/ዮውሃንስ፡ ኣድራሻ ዓዲሓረ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ - ተሌፎን 07221306፣ ካብ ዕለት 01/11/2026 ክሳብ ዕለት 31/10/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ።

ዛህራ እድሪስ

ብስም ወ/ሮ ለተሚካኤል ኣብርሃ ተስፋይ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0102 ቁጽሪ መዝገብ DAR-0083 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ዝርከብ ናይ JH6 ትካለይ፡ ንኣቶ ሃብታይ ገ/መስቀል፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ - ተሌፎን 07280822፣ ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ።

ሃብታይ ገ/መስቀል

ምልክታ ጨረታ

ሆስፒታል ሰምበል፡ ኣብ ሆስፒታል ዝርከብ ድኳንን ምቕራብ ስጋን ከካርዮ፡ ብቕዓት ዘለዎም ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘሎዎም ቅጥዕታት፡

1. ሕጋዊ ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎምን፡ ናይ 2025 ካብ ዕዳ ነጻ ዝብል ነጻ ከምዝኾኑ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር የቕርቡ።
2. ብናይ ድኳንን ምቕራብ ስጋን ሞያ ብውሑዱ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ተመኩሮ ዘለዎ።

3. ብዛዕባ ትካሉ ዝህቦ ኣገልግሎት ትሕዝቶ ዝገልጽ ጽሑፍ (profile) ዘቕርብ።
4. መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 50.000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ዝምለስ ብCPO የቕርብ።
5. ተጫራታይ ናይ ጨረታ ዘቕርቦ ዋጋ ብሰታሪት ብግቡእ ዓሺጉ ኣብ ሆስፒታል ሰምበል ክፍሊ ምም/ፋይናንስ የረክብ።
6. እዚ ጨረታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ኣብ መበል 11 ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡ 00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
7. ሆስፒታል ሰምበል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነቲ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁ.ቴሌፎን 150175 ምውካስ ይከኣል። ሆስፒታል ሰምበል ኣስመራ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL-5742 ቁጽሪ መዝገብ DAR-5299 ዝርከብ ናይ C24 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ትርሓስ መንግስተኣብ ኣብርሃ፡ ኣድራሻ ሰንዓፈ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ብዕለት07/08/2026 መዝ 87/2026 ብውህብቶ ዝለዝሃብክዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ትርሓስ መንግስተኣብ

ብስም ኣለማሽ ይማም ጎንጉል (ወኪል)፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00032920 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ተሰነይ ቁ.ገዛ 16 ዝርከብ ናይ ቤት ቁርሲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሚለን ሃይለገርግሽ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 743-4 ቁ.ገዛ 20 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣለማሽ ይማም ጎንጉል
ሕጋዊ ወኪል ሚኪኤል ትኩእ

ብስም ሱሌማን ኑርሑሴን ስሌማን፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00031176 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 168-9 ቁ.ገዛ 59 ዝርከብ ናይ ቤት ዕዮ ሕብስቲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣርሴማ ተስፋኣለም መንግስትኣብ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና እንሲ ቁ.ገዛ 16 ካብ ዕለት 01/03/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሱሌማን ኑርሑሴን ስሌማን

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 9

ጽቡቕ ግበር . . .

ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ዓምዲ

ብንያም ገብረኪዳን - ኣሮን ተኽለ

ባና ትምህርቲ

ኣብ ሓደ ከተማ፡ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ሓደ መዓልቲ፡ ሰለስተ ሰረቕቲ ናብ ቤቱ
ብምእታው ብዙሕ ወርቅን ብሩርን ሰሪቖም ናብ ዱር
በረኻ ተሰወሩ። እቶም ሰረቕቲ፡ ነቲ ወርቅን ብሩርን
ብኸመይ ከም ዝማቐልዎ ሓርቢትዎም፡ ድቃስ
ተሓሪምዎም ኣብ ጭንቂ ነበሩ። ኣብ’ቲ ዝነብርዎ
ብዓቲ እንከለዉ፡ ዝብላዕ መግቢ ወድኡ። ‘ብኸመይን
መንን፧’ ናብ ከተማ ወሪዱ እንጌራ ዓዲጉ ይመጽእ፡ ዕጫ
ኣውደቑ’ሞ ንሓደ በጽሖ። እቲ ሳልሳዮም እንጌራ ክዕድግ
ምስ ተበገሰ፣ እቶም ዝተረፉ ክልተ ሰረቕቲ፡ ውዲት
ክኣልሙ ጀመሩ።

“እዚ ወርቅን ብሩርን ናብ ክልተ ሰብ ጥራይ እንተ
ዝምቀል’ሲ… ብስስዐ ዝኣክል ብዙሕ ገንዘብ
ምበጽሓና። ” እናበሉ፡ ሓሳባት ከውርዱን ከደይቡን
ጀመሩ። ኣብ መወዳእታ፡ ነቲ ተላኢኹ ዝኸደ
ብጻዮም ኣብ ምምላሱ ተጸናትዮም ጸኒሖም ክቐትልዎ
ተረዳድኡ። ካብ’ታ ዝነብሩላ በዓቲ፡ ርሕቕ ኢሎም ንከተማ
ዝወስድ መንገዲ ንብጻዮም ክጸናተውዎ ጀመሩ።
እቲ ብጻዮም ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መንገዱ ብዛዕባ’ቲ
ወርቅን ብሩርን ብዙሕ ሓሳባት የሰላስል ነበረ። ‘እዚ ኩሉ
ንብረት ንዓይ ጥራይ እንተዝኸውን’ሲ፡ ከመይ ምሃብተምኩ፧!
ኣብ ሰለስተ እንተተመቒሉ ግና ብጽሒተይ ውሑድ’ዩ
ክኸውን።’ ብምባል፡ ሰይጣናዊ ሓሳብ ብምሕሳብ፡ ነቲ ዝገዝኦ
እንጌራ ስሚ ገዚኡ ብምምጻእ ነስነሰሉ።
እቶም ክልተ ብጾቱ ምስ ሞቱ፡ ኩሉ’ቲ ወርቅን
ብሩርን ንበይኑ ክኸውን ተመነየ። እቶም ክልተ ብጾቱ፡ ኣብ
ጽምው ዝበለ በረኻ ጸኒሖም ነቲ መግቢ ሒዙሎም ዝመጽእ
ዝነበረ ዓርኮም ብመንቲግ ክራማ ሃሪሞም ቀተልዎ። ነቲ ዝብላዕ
መግቢ ሒዞም ድማ ናብ’ታ ንብረቶም ኣቐሚጦምላ ዝነበሩ በዓቲ ተመልሱ። ነቲ ኣዒንቶም ዘሽከርክረሎም ዝነበረ ብጽሒቶም ከም ዘሎ ኣረጋጊጾም ድማ ቅድሚ ምምቓሎም ኣብ ልዕሊኡ ኮፍ ብምባል ካብ’ቲ መግቢ ክለኽፉ ጀመሩ።

እቲ እንጌራ ስሚ ተነስኒስዎ
ስለዝነበረ፡ ብቕርጸት ጣዕ ኢሎም
ሓደ ድሕሪ ሓደ ትንፋሶም
ሓለፈት። ንጽባሒቱ፡ ሓደ ብላዕ
ዝበሎ ሕያዋይ ጓሳ፡ ጥሪቱ ሒዙ
በቲ በዓቲ ክሓልፍ እንከሎ፡
ዝሞቱ ሰባትን ዘብለጭልጭ
ነገርን ረኸበ። ብኡንብኡ ድማ
ናብ ጭቃ ዓዲ ኣመልከተ።
ኣመሓዳሪ ዓዲ፡ ጥበበኛታት
ኣኸቲሉ ኣብ’ቲ ቦታ ምስ በጽሐ፡ ግዳያት ሰረቕቲ ምንባሮምን ኩነታት ኣማውታኦምን መርሚሮም በጽሕዎ። በዚ መሰረት ነቲ ዝተረኽበ ገንዘብ ናብ’ቲ ዝተሰርቀ ዋናኡ መለስዎ። እቲ ወርቁን ብሩርን ዝተመልሶ ዋና፣ በቲ እቲ ጓሳ ዝገበሮ ሰናይ ተግባር፣ ንመተባብዒ ሓደ ሲሶ ካብ’ቲ ኵምራ ወርቅን ብሩን ሃቦ። እቲ ጓሳ፡ ንዝተዋህቦ ዓስቢ ወሲዱ ንስድራቤቱ ኣረከቦም። ስድራቤት ጓሳ ብዝረኸብዎ ሃብቲ፡ ጽቡቕ ናብራ ክመርሑ ጀመሩ።
ሞራል ዛንታ- ብተንኰል ንኻልኦት ኢልካ ዝዀዓትካያ ጒድጓድ ባዕልኻ ትኣትዋ። ‘ጽቡቕ ግበር፡ ንመን፧ ንማንም!’ ከም ዝበሃል ጽቡቕ ዝገብር፡ ጽቡቕ ይረክብ። ጽቡቕ ድማ ይፍደ። ንስኹም’ከ ወዲቑ ዝጸንሓኩም ንብረት ናብ ፖሊስ ተረክቡ’ዶ፧

ባና

ተጻራሪ ቃል ርኸብ።
1. ተሰዊሩ - ተረኺቡ
2. ሓርቢትዎ - _______
3. ጭንቂ - __________
4. ስሚ - ___________
5. ሰናይ ተግባር - _____

ተመሳሳሊ ቃል ርኸብ።
1. ኣሽከርኪሩዎም - ኣጸሊልዎም
2. ብጻይ - ________
3. ብጽሒት - ______
4. ተመነየ - _______
5. ምሕዱግ - ______

ሰዋስው ትግርኛ 3ይ-ክፍሊ

1. ናይ እኩብ ስም፣
ናይ ሓባር ስም ዘሎዎ ሂወታውያን ወይ
ነገራት ብእኩብ ዝጽውዕሉ መለለዪ እዩ።
ንኣብነት፦ ስድራ፡ ተማሃሮ፡ ሰራሕተኛታት፡
ኤርትራውያን፡ ጋንታ፡ እንጌራ፡ ስጋ፡
2. ናይ ረቂቕ ስም
ንዘይድህሰስን ዘይጭበጥን ነገር ወይ ስምዒት
መጸውዒ እዩ።
ንኣብነት፦ ታሕጓስ፡ ጓሂ፡ ጽባቐ፡ መልክዕ፡
ትብዓት፡ ፍርሒ፡ ስክፍታ፡ ጥርጠራ፡
ጾታ
ስም ሰለስተ ዓይነት ጾታ ኣሎዎ። ንሱ ድማ፡
ተባዕታይ ጾታ፡ ኣንስታይ ጾታ፡ ኣጓጕል ጾታ
ይብሃል። ኣጓጕል ጾታ ብግደኡ ናይ ሓባር
ጾታን ግኡዝ ጾታን ተባሂሉ ኣብ ክልተ
ይኽፈል።
1. ተባዕታይ ጾታ
ተባዕታይ ንዝጾታኡ ሰብ ወይ እንስሳ ጥራይ
ዝዝውተር መርቍሒ እዩ። እቲ ጾታ፡ ዝምድና፡
ሞያ፡ ባህሪ፡ ዕድመ ... ወዘተ ዝፈሊ ክኸውን
ይኽእል።
ንኣብነት፦ ኣቦ፡ ኣኮ፡ ኣቦሓጎ፡ ሰብኣይ፡ ጐንበለ፡
ዕንዱ፡ ተዋሳኣይ፡ ደራፋይ፡ ሸቃላይ፡ ነጋዳይ፡
ብዕራይ፡ ጋውና፡ ወጠጦ፡... ወዘተ።
2. ኣንስታይ ጾታ
ንኣንስታይ ዝጾታኣ ሰብ ወይ እንስሳ ጥራይ
ዝዝውተር መርቍሒ እዩ።
ንኣብነት፦ ኣደ፡ ኣሞ፡ ንግስቲ፡ እኖሓጎ፡
ሰበይቲ፡ ጐርዞ፡ ሕንጢት፡ ተዋሳኢት፡ ደራፊት፡
ሸቓሊት፡ ነጋዲት፡ ላም፡ ኣርሕዶ፡... ወዘተ።
*ኣብ ሞያ ብዝምልከት ተባዕታይ ጾታ
ብድሕሪኡ “ኣይ” እናተለቀበ፡ ሸቃላይ፡

ነጋዳይ… ወዘተ ይውድእ። ኣንስታይ
ድማ “ኢት” ተለቂቡሉ፡ ሸቃሊት፡ ነጋዲት፡
ሰንካቲት… ወዘተ ይዛዝም።
3. ኣጓጕል ጾታ

(ሀ) ናይ ሓባር ጾታ
ጾታኡ ንዘይተረጋገጸ ሰብ ወይ እንስሳ
ዝዝውተር መጸውዒ እዩ።
ንኣብነት፡- ህጻን፡ ቈልዓ፡ ዘመድ፡ ሓኪም፡
ጅግና፡ ከልቢ፡ ደርሆ፡ ህዝቢ፡ ኣራዊት፡ ጋንታ፡
ተዓዘብቲ፡ ሰባት… ወዘተ.
ናይ ሓባር ጾታ ኣብ ዓረፍተ-ነገር ክዝውተር
እንከሎ፡ በቲ ንዕኡ ዘሰነዮ ቅጽል ይፍለ።
ንኣብነት፦ እቲ ህጻን፡ እታ ህጻን፡ እቲ ቈልዓ፡
እታ ቈልዓ፡ እቲ ሓኪም፡ እታ ሓኪም፡ እቲ
ደርሆ፡ እታ ደርሆ፡ እቶም ነጋዶ፡ እተን ነጋዶ...
ወዘተ።

(ለ) ግኡዝ ጾታ፣
ህይወት ንዘይብሉ ወይ ረቂቕ ነገር
መርቍሒ ይዝውተር። ግኡዝ ጾታ ብተለምዶ
ብተባዕታይ ወይ ብኣንስታይ ይጥቀስ። እዚ
ድማ ኣብ ስምዒት’ዩ ዝምርኰስ። ንኣብነት፦
ደቂቕ፡ ጽቡቕ፡ ድኹም... ወዘተ ብኣንስታይ
ጾታ። ንሓያል፡ ንገዚፍ፡ ንድልዱል፡ ንግናይ፡
...ወዘተ ድማ ብተባዕታይ ይርቋሕ።
ንኣብነት፦ ጸሓይ ናይ ንግሆ

ክትጥዕም!(ኣንስታይ)
ሎሚ ብርቱዕ ሃሩር ኣሎ። (ተባዕታይ)

ትፈልጡዶ፧
ናውቲ ማሕረስ መሳርዕ ይብሃል።
ብኣብዑር ክንሓርስ ዘድልዩና ናውቲ
ማሕረስ።
1. ማሕረሻ
2. ነዊት
3. ኣርዑት
4. ዕርፊ
5. ዱግሪ
6. ቆራቚሮ
7. ከርፈስ
8. ምራን ከርፈስ
9. ቅትርቲ
10. ምራን ቊራብዓት
11. ምራን ቀደም
12. ሳእኒ ኣርዑት
13. ስላዕ
14. ውሻል
እንስሳታት ክትሰጒግ ከለኻ
እትጥቀመሎም ቃላት
ንኣድጊ - ቻ
ንብዕራይ - ቹ

ንጤል - ዓስ (ንማሕስእ= ክር)
ንበጊዕ - ዓር
ንደርሆ - ከት
ንገመል - ሀል
ንፈረስ - ሱ
ኣሰያይማ ኣተዓባብያ ከብቲ
ምራኽ
ብተይ፡
ጣዕዋ
ዝራብዕ

ኣርሓ (ተባዕታይ)
ኣርሒ (ኣንስታይ)
ላም (ኣንስታይ)
ተስታይ (ተባዕታይ)

ሕቶ ንሃብሮም... ፧
ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስ።
ረባዕ፡ ቅርቅረ፡ ዋዕሮ፡ ሕንጻይ፡ ኵኵናይ፡ ባዝራ፡ ሻውሽ፡ ዋጭል፡ ሽበን፡ መበል፡ ዲበላ፡ ምንጭር

1. ኣንስተይቲ ፈረስ፡ ባዝራ
2. ኣርሓ ደርሆ፡ ______
3. ድምጺ ሰብ ዝደግም (ፓፓጋሎ)፡_____
4. ጻዕዳ ብዕራይ፡ ______
5. ውላድ ህበይ፡ ______
6. እኹል ተባዕታይ ጤል፡ ______
7. ሓለቓ ኣዛብእ፡ ______
8. መዓር ዘለዎ ቦታ እትሕብር ዑፍ፡ ______
9. ኣንስተይቲ ህበይ፡ ______
10. ኣርሓ ገመል፡ ______
11. ኣንስተይቲ በጊዕ፡ ______
12. ኣንስተይቲ ኣንበሳ፡ ______

ሕንቅል ...

ሕንቅሊተይ

1. ሕርስ ውዒላ፡ ጭቃ
ዘይትጽየቕ፧
2. ኣቦን ኣደን ዘይብሉ ሰብ፧
3. ሰለፉ ወቒዑ ዘእዊ፧

(ተመ/ እሰይ እስቲፋኖስ
መባ/ቤ/ት/ሰውራ)

ማዕዳ ኣቦይ ግሩም
ደቀይ ተመሃሩ
ደቀይ ተመሃሩ፡ ከትድንቁሩ
ደቀይ ተመሃሩ፡ ጽባሕ ከይትሓፍሩ
ፍልጠት’ዩ ማእገር፡ ዘይበርስ ሃብቲ
ትምህርቲ’ዩ፡ ናይ ሓንጎል መብራህቲ።
ቀደመይ ዘኪረ፡ ግዜ ቁልዕነተይ
ኩሎም ኣዕሩኽተይ፡ መጻውትተይ
ትምህርቶም ንፉዓት፡ መማህርተይ
ሕጂ ዓብዮም፡ ገሊኦም መምህራን፡ ገሊኦም ሓከምተይ
ኣነ’ሞ፡ ክጻወት ክዕንድር፡ ከየጽናዕኩ
ምንባብን ምጽሓፍን ከይከኣልኩ፡
ሓንቲ ሞያ ከየጥረኹ።
ደቀይ ካባይ ተመሃሩ፡ ኣጽንዑ ሓደራኹም
እዚ ዕድመይ ርሑቕ ከይመስለኩም።
ሕጂ ክትበጽሕዎ ኢኹም።
ሓደራ! ደቀይ ተመሃሩ።

ቊጽሪ 5ይ ክፍሊ
1. ነዞም ዝስዕቡ ቊጽርታት ፕራይም ወይ ኮምፖዚት እናበልኩም ፍለይዎም
26፡ 21፡ 19፡ 11፡ 51፡ 31

ፕራይም ኮምፖዚት

__________ _____________

2. ኪዳነ ንሓደ እንቋቝሖ ብሕሳብ 5 ናቕፋ ብምሻጥ፡ 3500 ናቕፋ ኣኪቡ። ኪዳነ ክንደይ እንቋቝሖ
ሸይጡ፧
3. ኣብ ሓደ ንኡስ ዞባ 23 ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ 236 መጻሕፍቲ
ተዓዲላ። ኣብ’ቲ ንኡስ-ዞባ ክንደይ መጻሕፍቲ ተዓዲሉ፧
4. ዓብዱ ብዕንጨይቲ ናይ ክርቢት ገይሩ 49 ስሉስ ኩርናዕ ሰሪሑ፡ 2 ዕንጨይቲ ተሪፉዎ። ክንደይ
ስሉስ ኩርናዕ ሰሪሑ፧

ኣድራሻና- ሚኒስትሪ ትምህርቲ፦
ክ/ትም/ንዓበይትን ሜድያን፡-
ተሌፎን 114991
Po.Box- 609

lay-out ኣቤል መንግስ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 10

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ስእሊ፦ ሳልሕ ዓብደልቃድር ዝርግሐ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ሃገርና
ካልኣይ ክፋል

• ደረጃ ትምህርቲ ናይተን ኣብ ቅድመ-
ትምህርቲ ተመዲበን ዘለዋ መምህራን ካበይ
ናበይ ይዝርጋሕ፧

ከም ግቡእ 12 ክፍሊ ዛዚመን ክሳብ
ናብ ደረጃ ሰርቲፊኬት ዘለወን ብቑዕ ስልጠና
ዝቐሰማ ክኾና ምተገብአ ነይሩ። እንተኾነ፡
ህልዊ ኵነታትና ንኸምኡ ዘፍቅድ ኣይኮነን
ዘሎ። ኣብ ከምዚ ኵነታት፡ እቲ መደብ
ከመይ ይኸደልካ ጥራይ ኢኻ ትሓስብ።
ከምኡ ስለዝኾነ፡ ደረጃ ትምህርቲ ናይተን ኣብ
ቅድመ-ትምህርቲ ተመዲበን ዘለዋ መምህራን
ካብ 7ይ ክፍሊ ክሳብ 12 ክፍሊ’ዩ።

• ኣብዚ መዳይ ቅድመ-ትምህርቲ
ክኽፈተለን ኣሸገርቲ ዝኾና ከባቢታት ሃገርና
እንተለዋ ክትገልጻልና፧

እወ ኣለዋ። ኣብዚ ብፍላይ ህሱያት
ኢልና እንጠቕሰን ዞባታት ዓንሰባ፡ ጋሽ-ባርካ፡
ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪን ብሓፈሻ፡
ርሑቕ ዓዲታት ናይዘን ዞባታት ድማ ብፍላይ፡
ቅድመ-ትምህርቲ ምኽፋት ከቢድ ሽግር
ኣሎ። ሓደ ካብኡ ናብዞም ከባቢታት ተጓዒዙ
ክምህረልካ ዝኽእል ሰብ ክትረክብ ኣዝዩ
ኣሸጋሪ’ዩ። ነዚ ዝተጠቕሰ ጸገም ንምፍታሕ
ጻዕሪታት ይካየድ ኣሎ። መሰረታዊ ፍታሕ
ክሳብ ዝረጋገጽ ግን፡ ንግዚኡ፡ ኣብቶም
ከባቢታት ዝረኸብናየን 7ይ ክፍሊን ልዕሊኡን
ዝበጽሓ መምህራን ብምቚጻር፡ እቲ ስራሕ
ከምዝኸይድ ንገብር ኣለና። ማዕረ-ማዕረኡ፡
ኣብቲ ዕማም ዝተዋፈራ መምህራን ደረጃ
ትምህርተን ብዘየገድስ፡ ስልጠና ኣብ ስራሕ
ዝህልዎ ኣስተዋጽኦ ርዱእ ኮይኑ፡ ደረጃ
ትምህርተን ኣማዕቢለን ናብ ዝለዓለ ደረጃ
ብኸመይ ይበጽሓ’ውን ይሕሰበሉ ኣሎ። ሓደ
ኣብነት ናይ’ዚ፡ ገለ እናመሃራ ንዝተኸፍተለን
ተጠቒመን ተማሂረን ነብሰን ኣማዒቢለን

ተዓዊተን ብሰርቲፊኬት ዝተመረቓ ኣለዋ።

• ቊጽሪ ኣብዚ መደብ ተዋፊረን ናይ
ዝርከባ መምህራን ክንደይ ይበጽሕ፧

ጸብጻብ ዓመተ ትምህርቲ 2026 - 27
ዛጊት ኣይመጽኣናን ኣሎ። ጸብጻብ ዓመተ
ትምህርቲ 2024-25 ከም ኣብነት ምስ
እንምልከት ግን፡ 2394 ዝነበራ ኮይነን፡ ኣብ
ዓመተ ትምህርቲ 2025 - 26 ድማ፡ 5861
ነይረን።

• ንትምህርቲ ዝምልከት፡ ሸቶ ንዘላቒ
ምዕባለ ኣብ 2030 እንታይ ይጽበ፧

ራኢ ናይቲ ሽቶ፡ ብደረጃ ዓለም፡ ነፍሲ-
ወከፍ ቈልዓ እንተ ወሓደ ኣብ 2030 ናይ
ሓደ ዓመት ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ዕድል
ክረክብ ኣለዎ’ዩ ዝብል። ኤርትራ ግን፡
ነዚ ወፍሪ’ዚ፡ ድሮ ኣብ 2026 ንናይ ሓደ
ዓመት ዘይኮነ፡ ናይ ክልተ ዓመት በጺሓቶን
ኣረጋጊጻቶን ኣላ። 4 ዓመት ቅድሚ እቲ
ክብጻሕ ዝተወጠነ ግዜ ምዃኑ’ዩ። በዚ
ተተባቢዓ፡ መን ይፈልጥ ኣብ 2030 ኤርትራ፡
ድሕሪ’ዚ ውጥን’ዚ ክትግበር ዝሕሰብ መደብ

መምህር ኣበባ ሃብቶም

መምህር ሚርያም ነጋሲ

ናይቲ መትከል መሃሪ ክኸውን ዝኽእል
ተወሳኺ ዓማሚ ስራሕ ሒዛ ክትቀርብ።
ተወሳኺ ዓወት ከተመዝግብ ግን፡ ቅድመ-
ትምህርቲ ትካላዊ ኣሰራርሓ ክሕዝ፡ ኣብ
ስልጠና ደፋኢ ሓይሊ ክህሉን ኣብ ቀረብ
መነጣጠፊ መሳለጥያ ምህሮ ልዑል ትኹረት
ሂብካ ምስራሕ የድሊ። ብዓቢኡ ኸኣ መደብ
ቅድመ-ትምህርቲ ዕማም መንግስቲ ጥራይ
ገይርካ ምርኣዩ ተኣሪሙ፡ ህዝባዊ ወፍሪ
ምዃኑ፡ ሕብረተሰብና ኣሚኑ ተቐቢሉ ከም
ዋኒኑ ጠሚቱ ክነጥፈሉ ይግባእ። ነዚ ንምግባር
ድማ፡ ሓያል ጐስጓስን ስራሕን የድሊ።

• ብደረጃ ሃገር ክሳብ ሕጂ ቊጽሪ ኣብ
መደብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝሳተፉ ዘለዉ
ተማሃሮ ህጻናት ክንደይ’ዩ፧

ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2024ን
25ን 65,052፣ ኣብ 2025ን 26ን
ድማ 128,532 ነይሩ። ዕጽፊ
ወሲኾም ማለት’ዩ። ጸብጻብ ዓመተ
ትምህርቲ 2026-27 ግን ዛጊት
ኣይመጸናን ኣሎ። ካብ ሕሉፍ
ተመኵሮ ምርኵስ ብምግባር
ግን፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመተ
ትምህርቲ ብዕጽፊ ክውስኽ ከም
ዝኽእል ርጉጽ ነገር’ዩ።

• ኣብ ገለ መምህራን ምስ
ደረጃ ፍልጠትን ዕድመን ህጻናት
ተማሃሮ ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ
ግምት ዘየእተወ ልዕሊ ዓቕሞም
ኣገባብ ኣመሃህራ ኣሎ ኢሎም ዝወቕሱ
ወለዲ ኣለዉ። ነዚ ንምእራም እንታይ ክግበር
ኣለዎ፧

ስልጠና ይወሃበን’ዩ። ኣብ ርእሲኡ
ምቁጽጻር’ውን ይግበር’ዩ። ኣብዚ ናይ
ምቁጽጻር ዓቕምና ክሕይል ግን፡ እተን
መምህራን መሰረታዊ ኣፍልጦ ኣካይዳን
ኣገባብን ኣመሃህራ ቅድመ-ትምህርቲ
ክፈልጣ ስለ ዝግባእ፡ ብዛዕባ ካሪክለምና ብቑዕ
መረዳእታ ክህልወን መደብ ተታሒዙ ኣሎ።
ነዚ ከገልግል ተባሂሉ ዝተዳለወ መምሃሪ’ውን
ኣሎ።

ካልእ፡ ኣብዚ መደብ ተመዲቦም ዝሰርሑ
ተቘጻጸርቲ’ኳ እንተ’ለዉ፡ ናይ ቅድመ-
ትምህርቲ ኣፍልጦኦም ብቑዕ’ዩ ክንብል ግን
ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ከይኣክል፡ ነዊሕ
ከይሰርሑ ናብ ካልእ ስራሕ ክቕየሩ ትዕዘብ።
እዚ ግን፡ ኣብ ወፍሪ ኣድማዒ ስራሕ ክዕመም
ዘኽእል ኣገባብ ኣይኮነን። ነዚ ንምውጋድ
ኣብቲ ስራሕ ዝምደቡ ተቘጻጸርቲ ኣካላት፡ ነቲ
ስራሕ ዘብቅዖም ብቑዕ ትምህርቲን ስልጠናን
ከም ዘድልዮም ተረዲእና ኣለና።

• ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ብብሕቲ ዝውነና
ትካላት ኣለዋ። ምስ ፖሊሲ ትምህርትና
ዝሳነ ኣገልግሎት ክህባ ዝግበረለን ደገፍን
ምቊጽጻርን እንታይ ይመስል፧

ኣብ’ዚ ርእይቶና፡ ጽሬት ትምህርቲ
ሃገርና ክሕሎ፡ ፖሊሲ ትምህርቲ ሃገርና
ዘፍቅዶ ብቑዕ ስልጠና ዘይወሰዳ ብብሕቲ
ዝውነና ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ክህልዋ
የብለንን ዝብል’ዩ። ብዙሕ ነገር ኣብ ግምት
ኣትዩ፡ እቲ ኣገልግሎት ግን ደው ክብል ስለ

ዘይብሉ፡ ብብሕቲ ዝተኸፍታ ትካላት ቅድመ-
ትምህርቲ ንስራሕ ዘገልግለን መምርሒ
ይወሃበን’ዩ። ዝተዋህበን መምርሒ ኣብ ባይታ
ይጥቀማሉ ኣለዋዶ ንዝብል ግን፡ ስክፍታ
ኣለና። ነዚ ንምእላይ ቈላሕታ ዝምልከቶ
ኣካል ዝጠልብ፡ ወነንቲ ትካላት ቅድመ-
ትካላት፡ ሓያል ናይ ምቁጽጻርን ኣፍልጦ ናይ
ምዕባይን ስራሕ ከም ዘድሊ ርዱእ ኮይኑ
ኣሎ።

• ካልእ፡ ህጻናት ካብ ቋንቋ ኣደኦም
ወጻኢ እንግሊዝ መሊኾም ክርእዩ ልዑል
ጸቕጢ ዝገብሩ ወለዲ ኣለዉ። ከምዚ ዓይነት
ርድኢት ንዘለዎም ወለዲ፡ ንምርድኦም
እንታይ’ዩ ክግበር ዘለዎ፧

ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ኣሎ፡ ኣገዳሲት
ሕቶ ድማ’ያ። ንመምህራን ቅድመ-ትምህርቲ
ጸቕጢ ካብ ዝፈጥራ ጒዳያት’ውን ሓንቲ’ያ።
ንመጻኢ ህይወት ናይቶም ቈልዑ ብኣሉታ
ዝጸሉ ሳዕቤን ዘለዎ ብፍጹም ክእረምን
ክውገድን ዘለዎ ስነ-ሓሳብ’ዩ። ኣብዚ ክንጽር
ዘለዎ፡ ትሕዝቶ ትምህርቲ መምሃሪ ቅድመ-
ትምህርቲ ምስ ደረጃ ዕድመ ናይ’ቶም ቈልዑ
ተዛሚዱ ደረጃ ብደረጃ ዝተዳለወ’ዩ። ከምዚ
ዓይነት ስነ-ሓሳብ፡ ገለ ኣብ ህጻናት ዝፈጥሮ
ጸቕጢ ንምጥቃስ፡ ናብ መባእታ ምስ ሰገሩ፡
ኩሉ ፈሊጦም ዝሓለፉ ስለ ዝመስሎም፡
ንትምህርቲ ሸለል ኢሎም ጸወታ ከቐድሙን
ካብኡ ሓሊፎም ጽልኣት ትምህርቲ ከሕድሩን
ይረኣዩ።

ንምንጽጻር ክጥዕመና፡ እቶም ኣብ
መድረኽ ቅድመ-ትምህርቲ ብዝግባእ
ሓሊፎም ናብ መባእታ ዝሰገሩ ቈልዑ፡
ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ገስጋስ ዘርእዩ ክኾኑ
እንከለዉ፡ ዘይዓቕሞም ክፈልጡ እናተገብረ
ኩሉ እናፈለጡ ዝሓለፉ ኮይኑ ዝስምዖም
ቈልዑ ብኣንጻሩ፡ ንድሕሪት ክጉተቱ’ዮም
ዝረኣዩ። ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ቈልዑ

ቀለማዊ ትምህርቲ (ቋንቋ እንግሊዝ፡ ቊጽሪ፡
ስነ-ፍልጠትን ትግርኛን) ክፈልጡ ጥራይ
ዘይኮነ፡ ክነጥፉሎም ዘለውዎም ብዙሓት’ዮም።
ዝተፈላለዩ ጸወታታት ኣካል ናይቲ ዝወሃብ
ትምህርቲ’ዮም። ነዚ ከይፈለጡ ናብ ቀዳማይ
ክፍሊ ዝሓልፉ ቈልዑ ኣብ ትምህርቲ
ንድሕሪት ክጉተቱ ምርኣይ ባህርያዊ’ዩ።
ስለዚ ወለዲ፡ ስርዓተ ትምህርቲ ናይ ቅድመ-
ትምህርቲ ከምኡ ምዃኑ ክፈልጡን፡ ኣብዚ፡
መምህራን ደገፍ ወለዲ ከምዘድልዮም
ክርድኡን ይግባእ። ኣብዚ ደረጃ ኣብ ምዕባለ

ሓደ ህጻን ዕዙዝ ግደ ዘለወን ንሓድሕደን
ተወሃሂደን ዝኸዳ 5 ረቛሒታት ምዕባለ
ኣለዋ።

• እንታይ እየን እተን ረቛሒታት፧
ኣካላዊ ምዕባለ፡ ጥዕናን ድሕነትን፡ ምዕባለ
ማሕበራዊ ስምዒት፡ ምዕባለ ቋንቋ፡ ሞራልን
ባህልን’የን። እዚአን ብዝተፈላለየ ንጥፈታት
ምስ ዓይነታት ትምህርቲ መጽሓፍ ቅድመ-
ትምህርቲ ተቐሚጠን ኣለዋ። ቈልዑ ኣብ
ቅድመ-ትምህርቲ፡ ትግርኛ፡ ስፖርት፡ ቊጽሪ፡
እንግሊዝ፡ ሙዚቃ፡ ሳዕስዒት፡ ስነ-ፍልጠት፡
ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ቋንቋን 7 ዓይነታት
ትምህርቲ ይመሃሩ። ብዝተፈላለየ ዓይነት
ንጥፈታትን ጸወታታትን ድማ ይመሃርዎ

እዮም። ብቐንዱ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ
ዝተጠቕሰ፡ ደረጃ ዕድመ ቈልዓ ኣብ
ቅድመ-ትምህርቲ፡ እቲ ቈልዓ ትብዓትን
ርእሰ ተኣማንነትን ዘማዕብለሉ ከምኡ’ውን
ኩሉ መዳያዊ ኣእምሮኣዊ ምዕባለኡ
ዝረጋገጸሉ’ዩ። ንናይ መጻኢ ህይወቱ
መሰረት ዘንጽፈሉውን’ዩ። ስለዚ፡ ወለዲ ነዚ
ተረዲኦም ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝንርከቡ
ደቆም፡ ኣብ ቀለም ጥራይ ከድህቡ ጸቕጢ
ካብ ምግባር ክሕየቡ ይግባእ።

ውጽኢት ናይ ከምዚ ዓይነት ስራሕ፡
ኣብ ቱርካውያን ስድራ-ቤታት ብጭቡጥ
ተራእዩ’ዩ። ቱርካውያን ደቆም ቋንቋ ጀርመን
ክመልኩ ብዙሕ ጽዒሮም ግን ከኣ ከይተዓወቱ
ተሪፎምም እዮም። ኣብ መወዳእታ፡ እቶም
ቈልዑ ኣይ ብቑዕ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን
ኣማዕቢሎም፡ ኣይ ቋንቋኦም ዓቂቦም ኣጐላጉል
ዝተረፉሉ ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ’ዩ። ካብዚ
ዝበልጽ ጭብጢ ድማ የለን። እቲ ዕላማ ቋንቋ

ምምላኽ እንተ ኾይኑ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ
ምኻድ ዘድልዮ ኣይኮነን። ብቐሊሉን
ብምብህሃልን ክምዕብል ዝኽእል ስለዝኾነ።
ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓበዩ ዜጋታትና፡
ቋንቋ ኣደኦም ማዕረ-ቋንቋ ናይቲ ዝነብሩሉ
ሃገር መሊኾም ርኢኻ ትሕበነሉ ኣገባብ’ውን
ትዕዘብ ኢኻ።

• ገምጋም እወታዊ ውጽኢት ቅድመ-
ትምህርቲ ኣብ ፖሊሲ ትምህርትና ብኸመይ
ይልካዕ፧

ነዚ ዝግምግም ኣብ ዝሓለፈ እዋን
ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ናብ ቀዳማይ ክፍሊ
ዝሓለፉ ተማሃሮ ማእከል ገይሩ ዝተኻየደ
መጽናዕቲ ነይሩ። እቲ መጽናዕቲ ብኸምቲ
ዝጀመሮ እናሓየለ ክኸይድ ዝግብኦ’ዩ።
ውጽኢት ናይቲ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡
ብቕድመ-ትምህርቲ ዝሓለፉ ቈልዑ፡
መሰረትን ብቕዓትን ትምህርቲ ሒዞም
ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ስለ ዝሓልፉ፡ ልዑል
ፍትወት ትምህርቲ ዘለዎም ኮይኖም ድማ
ተረኺቦም። በዚ ድማ፡ ኣብ ክፍሊ ዘይደግሙ
ካብ ትምህርቲ ድማ ዘየቋርጹ ምዃኖም’ዩ
ተረጋጊጹ ዘሎ።

• ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ትግባረኡ
ኣብ ባይታ ብኸምቲ ዝተወጠነሉ ይኸይድ
ኣሎ ክንብል ንኽእልዶ፧

ብዛዕባ’ዚ፡ ናይ ምብህሃል ስትራተጂ
ወጺኡሉ ተዘትዩሉ’ውን ነይሩ። ነዚ ዝሕግዝ፡
ኣፍልጦ ሕብረተሰብን ወለድን ክብ ኣብ
ምባል እትሕግዝ መምርሒ መሳለጥያ ምህሮ

(ማንዋል) ተዳልያ ኣላ። እታ መጽሓፍ፡
ሕብረተሰብ ብቐሊሉ ብዝርድኦ ሜላ
ዝተዳለወት’ያ። እዚ ይኹን’ምበር ዛጊት ዕማም
ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ እንግድዕ መንግስቲ’ዩ
ዘሎ። ብኸምኡ ግን ክቕጽል ኣይግባእን።
ተሳትፎ ሕብረተሰብ የድልዮ ኣሎ። ናብዚ
ዝተጠቕሰ ደረጃ ንምስግጋር ድማ ይስረሓሉ
ኣሎ። ትግባረ ናይቲ መደብ ኣብ ዝሰለጠሉ
ከኣ፡ ቅድመ-ትምህርቲ ቀጻልነቱ ዝተዋሕሰ
ኮማዊ ሰረት ዘለዎ ዕማም ኮይኑ ክቕጽል’ዩ
እቲ ዘሎ መደብ።

ይቕጽል…

ቅድሚ ሕጂ ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ሃገርና ኣብ ውሱናት (ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን) ዝተሓጽረ’ዩ ነይሩ። ካብ ቅድሚ 2 ዓመት ጀሚሩ ግን፡ ኣብ መላእ ሃገር ብስፍሓት ክስረሓሉ ጀሚሩ ምህላዉ ይሕበር። ነዚ ዝምልከት ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ’ዚ ጽሑፍ፡ ዕላማ ናይቲ መደብ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብዚ እዋን’ዚ ተኸፊተን ናይ ዘለዋ ቅድመ-ትምህርቲ፡ ንዘይተኸፍተን ዓድታት ንክኽፈተለን ዝተሓስበ መደብ፡ ቋንቋ ኣደ መምሃሪ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ስለምንታይ፧ ኣበርክቶ ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ፖሊሲ ትምህርቲ ሃገርና፡ ብቕዓት ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝተመደባ መምህራን ወዘተ ብዕምቈት ዝድህስስ፡ ምስ ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ - ጨንፈር ካሪክለም ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣወሃሃዲት ስራሕ ቅድመ-ትምህርቲ - መምህር ኣበባ ሃብቶምን ኣባል ናይቲ ኣሃዱ ዝዀነት መምህር ሚርያም ነጋሲን ዘካየድናዮ ቃለ-መሕትት ምቕራብና ይፍለጥ። ካልኣይ ክፋሉ ይስዕብ፥

ሓዳስ ኤርትራ

ስፖርት
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 11

ሚካኤል ሓድጉ ኵዕሶ መርበብ ከተማ ከረን ተዛዚሙ
ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ ዝቐነየ
ውድድራት ኵዕሶ መርበብ ግራስ ሩትስ
ትሕቲ 17 ዓመት፡ 15 ሕዳር ብዓወት
ጋንታ ዓንሰባ ተዛዚሙ።
እቲ 17 ጥቅምቲ ጀሚሩ ንሓሙሽተ
ሰናብቲ ዝቐጸለ ውድድር፡ ጋንታታት
ዓንሰባ፡ ሳሕል፡ መስሓሊት፡ ፈንቅል፡ ደንደን፡
ሬድሲን ናቕፋን፡ ብሓባር ደቂ ኣንስትዮን
ደቂ ተባዕትዮን ተሓዋዊሰን ተሳቲፈናኦ።
ጋንታ ዓንሰባ ድማ፡ ንመወዳድርታ በሊጻ
ሻምፕዮን ክትከውን እንከላ፡ ጋንታታት
ሳሕልን መስሓሊትን ካልአይቲን
ሳልሰይቲን ብምዃኑ፡ ዝተዳለወን ሽልማት
ተቐቢለን።

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ

ውድድራት ኣትለቲክስ ተኻይዱ
ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ፡ ብደረጃ ዞባ ንዝካየድ ውድድራት ኣትለቲክስ መምረጺ ዝኸውን ካብ 100 ሜትሮ ክሳዕ ሰለስተ ሽሕ ሜትሮ ዘጠቓለለ ብክልተኡ ጾታ ዝተሳተፍዎ ውድድር ምክያዱ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ የረድእ።
በዚ መሰረት፡ ኣብ 100 ሜትሮ ደቂ ተባዕትዮ፡ ቀዳማይ ናኦድ ፍቓዱ ካብ ኣድከመ ምልጋእ፡ ካልኣይ ናሆም ጸገዝኣብ ካብ ዛራ፡ ሳልሳይ ያፌት ኣስመሮም ካብ ኩዶብዑር፣ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ሰዓሪት በራኺ ዕውትቲ ኮይና።
ኣብ ናይ 200 ሜትሮ፡ ሜሮን ምስግና፡ ሓበን ክብረኣብን ሮቤል ፍቓዱን ሰለስተኦም ካብ ዛራ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ራህዋ የማነ - ዛራ፡ ሄርሜላ ኤልያስን ሊድያ ኣበዶምን ካብ ኣድከመ ምልጋእ ተዓዊቶም።
ኣብ 400 ሜትሮ፡ ኣስመሮም ክንፈ፡ ሱልጣን ሓሰንን ኤርምያስ ኣርኣያን ሰለስቲኦም ካብ ኣድከመ ምልጋእ፣ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ደሊና ዘርኣብሩኽ ዕውትቲ ኮይና። ኣብ 800 ሜትሮ፡ ድሌት ኣዶናይ ካብ ኣድመ ምልጋእ፡ ያፌት ኣስመሮም - ኩዶብዑር፡ ሜሮን ክብሮም - ዛራ፣ ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ፍዮሪ ዮሴፍን ሶልያና ጸሃየን ክልተአን ካብ ኣድከመ ምልጋእ ተዓዊተን።
ኣብ 1500 ሜትሮ፡ ሜሮን ምስግናን መዋእል በየነን ካብ ኩዶብዑር፡ ሲራክ ደበሳይ ካብ ዛራ፣ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ቤቲኤል ኣስመሮም ካብ ኣድከመ ምልጋእ ዕውትቲ ኮይና።
ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ 3000 ሜትሮ - መዋእል በየነ ካብ ኩዶብዑር፡ ኢሳይያስ ግርማይ ካብ ኣድከመ ምልጋእ፡ ኤርምያስ መሓሪ ካብ ኩዶብዑር ክዕወቱ እንከለዉ፡ ኣስማይት ኣስመሮም ካብ ኣድከመ ምልጋእ ንናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ተዓዊታትሉ። ዕዉታት ኣትሌታት ዝተዳለወሎም ገንዘባዊ ሽልማት ተዓዲሎም።

ዙቢመንዲ፡ ካብ ኣርሰናል ከምዘይወጽእ ተገሊጹ
ስጳኛዊ ተጻዋታይ እንግሊዛዊት ክለብ
ኣርሰናል ማርቲን ዙበመንዲ፡ ካብታ ክለብ
ክወጽእ ከም ዝኽእል ክንገር ንዝቐነየ ዜና
ሓሶት ምዃኑ ገሊጹ ክብላ፡ ማዕከናት ዜና
ስፖርት እንግሊዝ ሓቢረን።
ብመሰረት ካብ ስጳኛ
ክፍኖ ዝቐነየ ሓበሬታ፡
ዙበመንዲ ኣብ ክለቡ
እኹል ናይ ጸወታ
ግዜ ይረክብ ስለ ዘየለ፡
ዝመጽእ ወርሒ ጥሪ
ኣብ ዝኽፈት መስኮት
ምስግጋር ተጻወትቲ፡
ካብታ ክለብ ክወጽእ
ከም ዝኽእል እዩ ክንገር ቀንዩ። ኣትለቲኮ
ማድሪድ፡ ቸልሲን ሪያል ማድሪድን
ከኣ፡ እተን ዘቋምታኦ ዘለዋ ክለባት
ምዃነን ናብ ኣየይቲ ክለብ ክሰግር ግን
ከምዘይተፈልጠን ተሓቢሩ ነይሩ።
እንተኾነ እዚ ወዲ 27 ዓመት ስጳኛዊ
ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እዚ ክበሃል ዝቐነየ

ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምዃኑን ካብታ
እንግሊዛዊት ክለብ ከምዘይወጽእን
ኣፍሊጡ። ዙቢመንዲ፡ ኣብ ናይ ሎሚ
ዓመተ ስፖርት ውሑድ ናይ ጸወታ ግዜ
ዝረክብ ዘሎ ኾይኑ፡ ኣብዚ እዋን ኣብቲ

ንሱ ዝጻወተሉ መስመር ምክፍፋል፡
ልዕሊኡ ብሩኖ ጉማረሽን ማይልስ ልዊስ
ስኬልን ብዓላሚኦም ሚከል ኣርቴታ
ዝምረጹ ዘለዉ ተጻወትቲ እዮም።
ኣርሰናል፡ ነዚ ክሳዕ 2030 ዝጸንሕ ውዕል
ዘለዎ ተጻዋታይ፡ ናብ ዕዳጋ ከተውርዶ
ክትህወኽ ከም ዘይኮነት’ውን ይንገር።

ቸልሲ፡ ተጻወትቲ ባርሴሎና ተማዕዱ
እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ፡ ንወዲ 23
ዓመት ፈርሚን ሎፐዝ ከምኡ’ውን ወዲ
28 ዓመት ጁለስ ኮንደ፡ ብ150 ሚልዮን
ፓውንድ ካብ ባርሴሎና ንምስግጋር ነታ
ክለብ ክትሓታ ከም እትኽእል፡ ኣብ ስጳኛ
ዝመደበራ ኤል ናስዮናል ዝተባህለት
መርበብ ሓበሬታ ሓቢራ።
ቸልሲ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመተ ስፖርት
ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ኣብ መስመር
ምክልኻላ ብሰንኪ ዘሎ ዘይርጉእነት እያ፡
ንፈረንሳዊ ኩንደ ከተፈርሞ ጠሚታቶ
ዘላ። ኣብ ምክፍፋልን መጥቃዕቲን
ብኣድማዕነት ንዝጻወት ወዲ ጋንታኡ
ሎፐዝ’ውን፡ ኣብ ራዳራ ኣእትያቶ
ትርከብ።

ዜና ብሓጺሩ

* ማንቸስተር ዩናይትድ ንወዲ 25
ጀርመናዊ ተኸላኻሊ እንግሊዛዊት ክለብ
ኒውካስል ዩናይትድ - ማሊክ ቲያው
ንምፍራም ትሓስብ ከም ዘላ መርበብ
ሓበሬታ ኢኤስ ፒ ኤን ኣብ ገጻታ ኣስፊራ።
ብመሰረት እታ መርበብ ሓበሬታ፡ ዩናይትድ
ድሕሪ ምሽያም ሓድሽ ኣርጀንቲናዊ
ኣሰልጣኒኣ ማውሮሽዮ ፖቸቲኖ፡ ነቲ
ኣብዚ እዋን ፍጹም ላሕሊሑ ዘሎ
መስመር ምክልኻላ ንምሕያል፡ ብቐዳምነት
ንምፍዋስ እትሰርሓሉ ዘላ ጉዳይ እዩ።
በዚ ድማ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ፡
ንቲያው ኣብ ዝመጽእ ክራማት እያ ናብ
ሜዳ ኦልድ ትራፎርድ ንምስግጋሩ ትሓስብ
ዘላ። ኣቐዲማ እዛ ክለብ ንወዲ 22 ዓመት
እንግሊዛዊ ተኸላኻሊ ኒውካስል - ልዊስ
ሃል ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ጥሪ ንምፍራም
ሓሲባ’ኳ እንተነበረት፡ ካብ ኒውካስል ተስፋ
ዝህብ ተበግሶ ብዘይ ምርካባ’ያ፡ ኣቓልቦኣ
ናብቲ 80 ሚልዮን ፓውንድ ዝትመን
ጀርመናዊ ተኸላኻሊ ኣዚራ ዘላ።
* ኣመሪካዊ ኣጥቃዓይ ፈረንሳዊት
ክለብ ሞናኮ ፍሎርያን ባሎጉን፡ ካብ
ኢጣልያውያን ክለባት ጻውዒት ቀሪቡሉ።
ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ካልችዮ
ማርካቶ፡ እዚ ወዲ 25 ዓመት ተጻዋታይ፡
ዝመጽእ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝኽፈት
መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ብክለባት
ኤሲ ሚላንን ጁቬንቱስን እዩ ጠለብ ረኺቡ
ዘሎ። ዝሓለፈ ክረምቲ ብ40 ሚልዮን
ፓውንድ ናብ ክለብ ኤቨርተን ንክሰጋገር
ተቓሪቡ ዝነበረ እዚ ኣመሪካዊ፡ ኣብ ሰሪ’ኣ
ንኽጻወት ተገዳስነት ኣሕዲሩ ከም ዘሎ፡
ወኪሉ ጆርጅ መንደዝ ንማዕከናት
ዜና ኣፍሊጡ ኣሎ። ባሎጉን፡ ምስ ክለቡ
ሞናኮ ክሳዕ ክራማት 2028 ዘጽንሖ ውዕል
ኣለዎ።
* ስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ፡
ንኣከፋፋሊ እንግሊዛዊት ክለብ ብራይተን
ኣልባዮን - ኬማ ኣንድርያስ ተገዳስነት
ኣሕዲራ ከም ዘላ፡ ቲም ቶክ ኣብ ገጻታ
ኣስፊራ። ፍርያት ኣካዳሚ ሪያል ማድሪድ
ዝኾነ ኣንድርያስ፡ ካብ ሪያል ኣብ 2025
ናብ ጀርመናዊት ሽቱትጋርት ድሕሪ
ምስግጋሩ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ብራይተን
ብሉጽ ዓመተ ስፖርት ኣብ ምሕላፍ
ይርከብ።
እዛ እንግሊዛዊት ክለብ፡ ነዚ ወዲ 21
ዓመት ተጻዋታያ ከተጽንሖ ከቢድ ፈተነ

ይጽበያ ከም ዘሎ ግና፡ እታ መርበብ
ሓበሬታ ወሲኻ ኣረዲኣ። ብዘይካ’ዚ ሪያል
ማድሪድ፡ ንተኸላኻሊ ክለብ ብራይተን -
ሉካ ቩስኮቪች ተቋምቶ ከም ዘላ ይንገር።
እዚ ተኸላኻሊ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ እዩ፡ ካብ
ክለብ ቶተንሃም ብ46 ሚልዮን ፓውንድ
ተሰጋጊሩ።
* ክሮኤሽያዊ ተኸላኻሊ እንግሊዛዊት
ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ጆስኮ ግቫርድዮል፡
ኣብ ራዳር ባርሴሎና ኣትዩ ከም ዘሎ፡
መርበብ ሓበሬታ ኣስ ሓቢራ። ወዲ 24
ዓመት ግቫርድዮል፡ ኣብዚ እዋን ኣብ
ኤውሮጳ ካብ ዘለዉ ብሉጻት ተኸላኸልቲ
ብቐዳምነት ካብ ዝስርዑ ኮይኑ፡ ስጳኛዊት
ክለብ ባርሴሎና ድማ፡ መስርዕ ምክልኻላ
ንምሕያል ናብ ሜዳ ካምፕ
ኑ ከተሰጋግሮ መዲባ ኣላ።
ባርሴሎና፡ ካብ ማንቸስተር
ሲቲ ንመልቀቒ ዋጋኡ
ክቐርበላ ዝኽእል መጠን
ገንዘብ ክትደፍሮ ከም
ዘይትኽእል’ኳ ይንገር
እንተሎ፡ ሲቲ ምስቲ
ምስ ፋይናንስያዊ ጉዳይ
ዝምልከት ቀሪቡላ ንዘሎ ክሲ ኣብ ግምት
ብምእታው፡ ግቫርድዮል ንምውጻእ ምስ
ዝደፍእ፡ ክቐንዓ ከም ዝኽእል እያ እታ
መርበብ ሓበሬታ ወሲኻ ገሊጻ።
* ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒኽ፡ ነቲ
ኣብ ናይ መንእሰያት ክለባት ዝጻወት
ሓላው ልዳታ - ልዮናርድ ፕሬስኮት
ዝመጽእ ክረምቲ ብናጻ ክትለቆ ምዃና
ድሕሪ ምግላጻ፡ እንግሊዛውያን ክለባት
ቸልሲ፡ ኣርሰናልን ኣስቶን ቪላን ተገዳስነት
ኣሕዲረን ከም ዘለዋ፡ ስካይ ጀርመን
ሓቢራ።
እዘን ክለባት፡ ነዚ ወዲ 17 ዓመት
ሓላው ልዳት ንምፍራም ይከታተላኦ ከም
ዘለዋን ንምፍራሙ ድማ፡ ከቢድ ቅልስ
ክገብራ ከም ዝኽእላን ይንገር ኣሎ።
ባየር ሙኒኽ ከም መተካእታ ናይዚ
ተጻዋታይ፡ ንሓላዊ ልዳት ለንስ - ሮቢን
ራይዘር ጠሚታ ከም ዘላን ንምፍራሙ
ግን ምስ ክለባት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ
ከቢድ ውድድር ከም ዝጽበያን ይሕበር።
* ዓበይቲ ክለባት ሊቨርፑልን ባየር
ሙኒኽን፡ ነዚ ኣብዚ እዋን ኣብ ቡንደስሊጋ
ጀርመን ዘንጸባርቕ ዘሎ ወዲ 17 ዓመት
ኣከፋፋሊ ክለብ ባየር ሞሽንግላድባኽ -
ዋኢል ሞህያ፡ ዓይነን ኣውዲቐናሉ ከም
ዘለዋ፡ ጋዜጣ ብሊንድ ኣፍሊጣ። እዚ

ሞሮካዊ ጀርመናዊ ኣከፋፋሊ፡ ብክለባት
ብራይተን፡ ባየር ለቨርኩሰንን ኣርቢ
ላይብዚግን እውን ዝድለ ዘሎ ብምዃኑ፡
ዋጋኡ ክንህር ከም ዝኽእል እታ ጋዜጣ
ወሲኻ ጸብጺባ።
ሞህያ፡ እናከፋፈለ ከጥቅዕ ዝኽእል
ቅልጡፍ ተጻዋታይ ብምዃኑ፡ ንዝተፈላለያ
ክለባት ኣማራጺ ክፈጥር ዝኽእል
ተጻዋታይ እዩ። እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብዚ
ዓመተ ስፖርት ኣብ ቡንደስሊጋ፡ ሓንቲ
ሸቶ ከመዝግብ እንከሎ፡ ክልተ ንሸቶ
ዝኾና ኮዓሳሱ’ውን ቀሪቡ። ኣብ ማእከል
ሜዳ ብዘለዎ ብቕዓት ድማ፡ ብኣሰልጣኒ
ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን - የርገን ክሎፕ
ጻውዒት ክረክብ ኣኽኢልዎ እዩ።

* ናይ ቅድም ተጻዋታይ ዓበይቲ ክለባት
ቸልሲን ማን ዩናይትድን ጁዋን ማታ፡ ካብ
ኵዕሶ እግሪ ጥሮታ ምውጽኡ ኣፍሊጡ።
ንሃገሩ ስጳኛ 41 ግጥማት ዝወከላን
ዋንጫ ዓለም 2010 ከተልዕል ኣባላ
ዝነበረን ማታ፡ ዝሓለፈ ዓመት ምስ
ኣውስትራልያዊት ክለብ መልቦርን ቪክቶሪ
ኣብ ምጽዋት ኣሕሊፍዎ። ዝሓለፈ ወርሒ
መስከረም ከኣ፡ ውዕሉ ዛዚሙ ተፋንዩ።

ዋኢል ሞህያ

ብዘይካ’ዚ እዛ ክለብ፡ ንወኪል ናይቲ
ኢጣልያዊ ተኸላኻሊ ክለብ ኢንተር
ሚላን ዝኾነ ኣሌሳንድሮ ባስቶኒ ተዘራርብ
ከም ዘላ ቲም ቶክ ሓቢራ። እዛ ክለብ
ነዚ ተገዳስነት’ዚ ዘሕደረት፡ ነቲ ብስጳኛዊት

ክለብ ባርሴሎና ዝህደን ዘሎ ተጻዋታይ
ናብ ሜዳ ስታምፎርድ ብሪጅ ንከተግዕዞ
ኣቐዲማ ንምእማን እያ። እዚ ተኸላኻሊ
ብኢንተር ሚላን 80 ሚልዮን ፓውንድ
መልቀቒ ዋጋ ተለጢፉሉ ኣሎ።

ፈርሚን ኮንደ



ሓዳስ ኤርትራ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና ዶጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማዮ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ 127188

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ፋርማሲ ካተድራል 19/11/2026

መበል 36 ዓመት ቁ.69 19 ሕዳር 2026 - ገጽ 12

ዜና ዓለም ዜና ዓለም ዜና ዓለምሸዊት ተኽለ
ኢራን፡ ኣብ መኽዘናት ኣጽዋር ኣመሪካ መጥቃዕቲ ፈጺማ
ኢራን፡ ኣብ ኩዌት ንዝርከብ መኽዘናት
ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ሚሳይላትን ኣመሪካ
ከም ዝደብደበት ሓቢራ።

ኢራን ነዚ ዝሓበረት፡ ኣመሪካ፡ ኣብ
ማያት መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ልዕሊ
እትርከብ ደሴት ቀሽም ናይ ኢራን
መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻማ እዩ።

ባሕሬን ብወገና፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ
ሰሙን ጥራይ ንሳልሳይ ግዜ መጥቃዕቲ
ኣየር ኢራን ከም ዘበርዓነት ገሊጻ።

ኣመሪካን እስራኤልን፡ ብ28 ለካቲት ኣብ
ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማረን፡
ኢራን ድማ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ
መዓስከራት ኣመሪካ ዝተደኮነለን ሃገራት

ወሽመጥ ዓረብን እስራኤልን መጥቃዕቲ
ብምፍጻም ምላሽ ከም ዝሃበትሉ ይዝከር።
በቲ ድሒሩ ናብ ሊባኖስ ዝለሓመ

ግጭት፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን
ብኢራን ዝድገፍ ሕዝቦላህን ውግእ ከም
ዝተላዕለ’ውን ዝፍለጥ እዩ።

ትራምፕ፡ “ምስ ፊሊፒንስ ንግዳዊ ስምምዕ ከቲመ” ይብል

ኣመሪካ፡ ምስ ፊሊፒንስ ዓቢ ንግዳዊ
ስምምዕ ከም ዝኸተመት፡ ፕረዚደንት
ዶናልድ ትራምፕ ትማሊ ረቡዕ ገሊጹ።

ነቲ ስምምዕ ዝምልከት ዝርዝራዊ
ሓበሬታ እኳ እንተ ዘይተዋህበ፡ ሰበ
ስልጣን ፊሊፒንስ ግን፡ ክልተአን ሃገራት
ኣብ መዳይ ቁጠባ ንኽተሓጋገዛ ኣብ
ምርድዳእ ከም ዝበጽሓ ሓቢሮም።

ትራምፕ፡ ኣብ ቤተ መንግስቲ ፊሊፒንስ
ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምሳሕ መደብ
ተረኺቡ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ኣዝዩ ዓቢ
ንግዳዊ ስምምዕ ከቲምና ኣለና። እዚ ድማ
ክሳብ ሕጂ ካብ ዝገበርናዮም ንግዳዊ
ስምምዓት እቲ ዝዓበየ እዩ፡” ድሕሪ ምባል፡
እቲ ስምምዕ ንኽልተአን ሃገራት ፍትሓዊ

ምዃኑ ኣረዲኡ።

እቲ ምስ ፊሊፒንስ ዝተበጽሐ
ስምምዕ፡ ንሓረስቶትን ኣብ ንግዲ ጸዓት
ንዝተዋፈሩን ኣመሪካውያን ኣርባሒ ከም
ዝኸውን፡ ትራምፕ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ኣምባሳደር ፊሊፒንስ ኣብ ኣመሪካ ጆሴ
ማኑኤል ሮሙኣልደዝ ድማ፡ “ኣመሪካ፡
ቀረብ መግብናን ጠለባት ጸዓትናን ከነዕቢ
ሓሳብ ኣቕሪባትልና ኣላ፡” ኢሉ።

እንተኾነ፡ ሮሙኣልደዝ፡ ኣብ መንጎ
ክልተአን ሃገራት ዝተኸተመ ስምምዕ ኣሎ
ድዩ ክብል ንዝቐረበሉ ሕቶ ኣብ ዝሃቦ
መልሲ፡ እተን ሃገራት ዝኾነ ዝኸተማኦ
ንግዳዊ ስምምዕ ከም ዘየለ ኣነጺሩ።

ባይቶ እስራኤል ሓድሽ ኣፈ ጉባኤ መሪጹ
ኣብ እስራኤል፡ ሓድሽ መንግስቲ
ንምቛም ዝካየድ ዘሎ ዝርርብ ኣብ
ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን፡ ባይቶ ናይ’ታ ሃገር
ንቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን
ናታንያሁ ዝቃወም ሓድሽ ኣፈ ጉባኤ
ባይቶ ምምራጹ ተሓቢሩ።
ምምራጽ ናይዚ ሓድሽ ኣፈ ጉባኤ፡
ተቓወምቲ ናታንያሁ ኣብ ልዕሊ እቲ
ባይቶ ቁጽጽር ክህልዎም ዘኽእል ምዃኑ
ድማ ብዙሓት ወገናት ናይ’ታ ሃገር
ይገልጹ ኣለዉ።
ኣባል ናይ’ቲ ፖለቲከኛ ጋዲ ኣይዘንኮት
ዝመርሖ ሰልፊ ‘ያሻር’ ዝኾነ እዚ ማታን
ካሃና ዝተባህለ ሓድሽ ኣፈ ጉባኤ፡ ምስ
ኣባል ናይ’ቲ በንያሚን ናታንያሁ ዝመርሖ
ሰልፊ ‘ሊኩድ’ ዝኾነ ኦፊር ካትዝ ኣብ
ዘካየዶ ውድድር፡ ብ14 ነጥቢ ድሕሪ

ምብላጹ እዩ ኣፈ ጉባኤ ባይቶ እስራኤል
ክኸውን በቒዑ ዘሎ።
ኣብ’ቲ 120 መናብር ዘለዎ ሃገራዊ
ባይቶ ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ማታን ካሃና
66 ድምጺ ክረክብ እንከሎ፡ ኦፊር ካትዝ
ድማ 52 ድምጺ ከም ዝረኸበ ተሓቢሩ።
በዚ መሰረት፡ ካሃና፡ ነቲ ካብ 2022
ጀሚሩ ነቲ ስልጣን ሒዝዎ ዝጸንሐ
መሻርኽቲ ናታንያሁ ዝኾነ ኣሚር ኦሃና
ክትክኦ እዩ።
ናታንያሁን ኣይዘንኮትን ትማሊ ሰንበት
ተራኺቦም ኣብ ምምስራት ልፍንታዊ
መንግስቲ ከም እተዘራረቡ እኳ እንተ
ተሓበረ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ግን መን
ቀዳማይ ሚኒስተር ይኹን ኣብ ዝብል
ዛዕባ ኣብ ምርድዳእ ከም ዘይበጽሑ’ዩ
ዝግለጽ ዘሎ።

ባንግላድሽ - ሓድሽ ጸጥታዊ ቅልውላው ተፈጢሩ
ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላድሽ ነበር
ሸኽ ሓሲና ናብ ሃገራ ናይ ምምላስ ውጥን
ከም ዘለዋ ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ እዋን፡
ኣብ’ታ ሃገር ሓድሽ ጸጥታዊ ቅልውላው
ተፈጢሩ ከም ዘሎ ተገሊጹ።
እዚ ዝተገልጸ፡ ደገፍቲ ናይ’ቲ እዛ
ቀዳመይቲ ሚኒስተር እትመርሖ ዝነበረትን
ጸኒሑ ዝተኣገደን ሰልፊ ‘ኣዋሚ’፡ ኣብ

ከተማታት ናይ’ታ ሃገር ጎንጺ፡ ምፍንጃር
ቦምባታትን ካልእ ሽበራዊ ንጥፈታትን
ይፍጽሙ ከም ዘለዉ ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ
እዋን እዩ።
ኣብ ነሓሰ 2024፡ እታ ቀዳመይቲ
ሚኒስተር ካብ ስልጣና ክትወርድ ዝጠልብ
ጎነጽ ዝተሓወሶ ህዝባዊ ተቓውሞ ድሕሪ
ምልዓሉ ካብ ባንግላድሽ ሃዲማ ኣብ ህንዲ

ተዓቚባ ዘላ ሓሲና፡ ኣብ ዝመጽእ ታሕሳስ
ናብ ሃገራ ክትምለስ መደብ ከም ዘለዋ
ብምግላጽ፡ ሓድሽ ፓስፖርትን መንነት
ወረቐትን ከም ዝሓተተት ተሓቢሩ።
መንግስቲ ባንግላድሽ ንሕቶኣ ብምንጻጉ
ግን፡ ኣባላትን ደገፍትን ሰልፊ ‘ኣዋሚ’
ተቓውሞኦም ንምግላጽ ናብ ጎደናታት
ክወጹ ምኽንያት ኮይኑ ምህላዉ ይንገር።
ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ እቲ ፖለቲካዊ
ውድብ፡ ንምምላስ ሸኽ ሓሲና ዘለዎ
ደገፍ ንምግላጽ ንሓደ ሰሙን ዝጸንሕ
ናይ ተቓውሞ ሰልፍታት ከም ዘካይድ
ኣፍሊጡ ምንባሩ ኣይርሳዕን።
ኣብ ዝሓለፈ 10 መዓልታት፡ ብውሑዱ
ኣብ 28 ኣውራጃታት ናይታ ሃገር ሓያሎ
ፍንጀራታት ነተጉቲ ከም እተፈጸመ፡
ብሰንኩ ድማ ብዙሓት ተሽከርከርቲ
ከም እተቓጸላ፡ ሓያሎ ኣባላት ፖሊስን
ሲቪላትን ከም ዝቖሰሉ፡ ፖሊስ ባንግላድሽ
ኣረዲኡ።

ብስዑዲ ዝምራሕ ጥምረት፡ ንሓያሎ ዒላማታት ሑቲ ደብዲቡ
ብስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ሓይልታት
ጥምረት፡ ኣብ የመን ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ
60 ወተሃደራውያን ዒላማታት ዕጡቕ
ጉጅለ ሑቲ ደብዳባት ከም ዘካየደ፡ ኣፈኛ
ናይ’ቲ ጥምረት ገሊጹ።

ኣብ’ቲ ደብዳባት፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ
ከም መኽዘን ባሊስቲካዊ ሚሳይላት

ንዝጥቀመሉ ዝነበረ ገለርያታት ከም
ዘዕነወ፡ ኣፈኛ ናይቲ ጥምረት ወሲኹ
ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት፡ ሰራዊት
መንግስቲ የመንን መሻርኽቱን፡ ካብ
መዓርፎ ነፈርቲ ዱባብን ኣብ ጥቓ
መጻብቦ ባብ-ኣል-ማንደብ ካብ ዝርከብ

ከባቢታትን ከም ዝሰሓበ ይፍለጥ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ኣውራጃ ላሂጅ ኣብ
ትርከብ ከተማ ቱር ኣልባሃ፡ ኣብ መንጎ
ሓይልታት መንግስትን ዕጡቓት ሑቲን
ዳግማይ ውግእ ተወሊዑ ከም ዘሎ
ተገሊጹ።

ሰበ ስልጣን ናይቲ ከባቢ፡ ሑቲ ኣብ
ልዕሊ ሰላማውያን ሰባትን መንበሪ
ኣባይትን ደብዳብ ይፍጽም ከም ዘሎ
ከሲሶም።

እቲ ብስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ
ጥምረት’ውን፡ ትማሊ ረቡዕ ብሑቲ
ናብ ርያድ - ርእሰ ከተማ ስዑዲ ዓረብ
ዝተወንጨፋ ክልተ ክሩዝ ሚሳይላት ከም
ዘበርዓነ ገሊጹ።

ኣፈኛ ሑቲ ያሕያ ሳሪ፡ እቲ ዕጡቕ
ጉጅለ፡ ኣብ ጥቓ ከተማ ሪያድ ንዝርከብ
መደበራት ነዳዲን ኣብ ደቡባዊ ስዑዲ
ዓረብ ንዝርከብ ራዳራትን ዒላማ
መጥቃዕቲ ከም ዝገብር ኣቐዲሙ
ኣጠንቂቑ ምንባሩ ኣይርሳዕን።